# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.34 | ዓርቢ 9 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሕማም ሽኮር ኣብ ህጻናት



ገጽ 3
ወሽመጥ ቓዛ፡ ኣብ ከመይ ...



ገጽ 4

"ትልሂት ኣውርስ፡ ተለሃይቲ ...

ገጽ 5
ስነ-ጥበብ መዚቃን ቤት ...



ገጽ 7
ምልክታ


# ኤርትራ፡ ኣብ ካልኣይ ዋዕላ ሚኒስተራት 'ዝርርብ ኣ'ደውሓ' ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ብምትሕብባር ታንዛንያ፡ ቐጠርን ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃን ብ5ን 6ን ጥቅምቲ ኣብ ዳር-ኤሳላም ኣብ ዝተቓነዐ ካልኣይ ዋዕላ ሚኒስተራት 'ዝርርብ ኣ'ደውሓ' ተሳቲፋ።

ኣብ'ዚ "ካብ መብጽዓ ናብ ተግባር" ብዝብል ቴማ ኣብ ጉዳይ ፍትሓዊ፡ ውሑስን ዘላቒን ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኣብ መንጎ ኣፍሪቃን ሃገራት ቤት-ምኽሪ ምትሕግጋዝ ወሽመጥን ዝዘተየ ዋዕላ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም፡ ንሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብምውካል ተሳቲፉን መደረ ኣስሚዑን።





ኣምባሳደር በየነ ኣብ መደረኡ፡ ኤርትራ እትኽተሎ ስትራተጂ ልምዓት፡ ንሰብኣዊ ክብረትን ርእሰ-ምርኮሳን ማእከል ዝገበረ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዓቕሚ-ሰብ እቲ ዝለዓለ ጸጋኣ ስለዝኾነ፡ ዜጋታታ ኣብ ዝሳተፉሉ ዕዮ፡ ድሕነቶም፡ ረብሓኦምን ሕጋዊ ከለላኦምን ዝተረጋገጸ ክኸውን ከምዝለዎ ገሊጹ።

ኣምባሳደር በየነ ኣስዒቡ፡ ካብ ሓባራዊ መትከላት ናብ ተጨባጢ ውጽኢት ንምግስጋስ፡ መስርሕ ምቁጻር ሰራሕተኛታት ፍትሓውን ንጹርን፣ ብሞያዊ ስልጠናን ዕብየትን ዝተደገፈ፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ድሕነቱን ማሕበራዊ ውሕስነቱን ዝተረጋገጸ ክኸውን ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

እቲ ዋዕላ ኣብ መወዳእታ፡ ቀጻልነት ዝርርብ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ኣልያ ክቐውም፣ ከምኡ'ውን ተተግባሪ ምምሕዳራዊ መምርሒታት ክህሉ ዝብል ውሳነታት ኣሕሊፉ።

# ኤርትራውያን ዲያስፖራ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም

ኣብ ኤውሮጳ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ከምኡ'ውን ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ንቕሓቶም ዘበርኽን ውዳበታቶም ዘሐይልን ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

በዚ መሰረት፡ ካብ 10 ሃገራት ኤውሮጳ ዝተዋጽኡ፡ ኣካየድቲ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሓለፍቲ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያትን ሓለፍቲ ሚሽናት ዝርከብዎምን 48 ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ፡ መበል 17 ዙር ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና፡ "ስልጡን መሪሕነት ንዘላቒ ዕብየት" ብዝብል ቴማ ካብ 2 ክሳብ 4 ጥቅምቲ ኣብ ማልመ - ሽወደን ተቓኒዑ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሬፓብሊክ ኢጣልያን ተንቀሳቓሲ ኣምበሳደር ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያን ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ፡ ንህሉው ኩነታትን ሃገራዊ ቀዳምነታትን ኣመልኪቱ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ውዳብ መንእሰያት ህግደፍ ብኾለንትንኡ ንቑሕን ሓያልን መንእሰይ ንምህናጽ ዝዓለመ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ መንእሰያት ሓላፍነቶም ተገንዚቦም ንዕብየት ሃገሮም ክቃድሙ፣ ውፉያት ክኾኑ፣ ከምኡ'ውን ብትምህርትን ፍልጠትን ክዕብዩ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ገምጋም ንጥፈታት ስራሕ ብምክያድ፡ መደባት ፖለቲካዊ ትምህርትን ንቕሓትን ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፣ ተካእቲ መንእሰያት ህግደፍ ዝፈርዩሉ ምንቅስቓስ ሕድሪ ድማ ውዳበኡ ክሕይል ተማሕጺኖም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያ፡ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ፡ ብ3 ጥቅምቲ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ከተማ ለንደን ጸንቢሎም።

ኣብ'ቲ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ንታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኣመዓብብላን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝገልጽ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ ነይሩ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ህዝባዊ ግንባር ኣብ'ቲ ጽንኩርን መሪርን እዋን፡ ዝተማህረን ሞያ ዝዓጠቐን ዓቕሚ-ሰብ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ዘህልዎ ወሳኒ ተራ ብኣግኡ ብምርዳእ፡ ንትምህርቲ ቀዳምነት ሂቡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ከምዝመስረተ፣ እቲ መድረኻዊ ውሳነ ድማ ተርኡ ኣብ ዳግመ ህንጸት ሃገርን ምውሓስ ልኡላውነትን ግሉሕ ምዃኑ ኣነጺሩ።

ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ሱሌማን ሓሰን ብወገኑ፡ ንዕላማ፡ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ኣመዓብብላን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ዝነበሩ ብድሆታትን ንምፍታሖ ዝወሰዱ ዝነበሩ ስጉምትታትን ዙብርህ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ኣቶ ኣሕመድ ማሕሙድን ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲት ኮሚተ ናይ'ቲ ጽንበል ኣቶ ሚካኤል ወልዳይን ድማ፡ ኣበርክቶ ኣባላት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምኽስኻስ ሃገራውነት፣ ከምኡ'ውን ምዕቃብን ምምዕባልን ባህሊ ስራሕ ኣቃሊልካ ዘርእ ከምዘይኮነ ብምግላጽ፡ ነቲ ጽንብል ንምድማቕ ንዘጻዓቱ ኣካላት መጒሶም።




ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ቺካጎን ከባቢኣን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ "ሓያል ኤርትራዊ መንእሰይ፣ ሓያል ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ይሃንጽ" ብዝብል ቴማ፡ ስፖርታዊ መደባት ኣካዪዶም።

እቲ ስፖርታዊ ንጥፈት፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ህጻናትን መንእሰያትን፡ ባህሎምን ልምዶምን ንኽፈልጡ፣ ብስፖርት ኣካላቶምን ኣእምሮኦምን ንኽሃንጹ፣ ከምኡ'ውን ንሓድሕዶም ንኽፋለጡ ብዝብል ዕላማ ዝተወደበ'ዩ።

ኣብ'ዚ መደብ፡ ካብ 7 ክሳብ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ከምእተሳተፉ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ የነጽር።

ኤርትራውያን ነበርቲ ደቡብ ሽወደን ብወገኖም፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርና፡ ዞባናን ዓለምን ከምኡ'ውን ንጥፈታት ማሕበራትን ውዳበታትን ዘተኮረ ህዝባዊ ሰሚናር ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ብ3 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ማልመ ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሬፓብሊክ ኢጣልያን ተንቀሳቓሲ ኣምባሳደር ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያን ኣቶ ፍስሓጼን ጴጥሮስ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ መሓመድ-ሰዒድ፡ ሓላፊ ቈንስላዊ ጉዳያት ኣቶ የማነ ገብረኪዳን፡ ኣደ-መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ሽወደን ዛይድ ዑቕባዝጊ፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ሃማደኤ፡ ማሕበራትን ውዳበታትን ሽወደን ተሳቲፎም ነይሮም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕማም ሽኮር ኣብ ህጻናት

ሕማም ሽኮር፡ ብደረጃ ዓለም ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዝበዝሐ ደረኣዩ ካብ ዘለዉ ዓይነት ሕዱር ሕማማት ሓደ እዩ። እዚ ሕማም'ዚ መዓልታዊ ጥንቃቐን ክንክንን ዘድልዮ ሕማም እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ሕማም'ዚ ንምክትታል ብደረጃ ዓለም ዝዋበር ወጻኢታት እናዛየደ ይኸይድ ምህላዉ መጽናዕትታት የመልክቱ።

ኣብ ህጻናት ብዝለዓለ ደረጃ ዝርአ ዓይነት ሕማም ሽኮር፡ ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር (Type 1 Diabetes - T1D) እዩ። እዚ ሕማም እዚ ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ክሊ ዕድመ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ህጻናት ብሓሙሽተ ዕጽፊ ወሲኹ ደርኪቡ። እዚ ማለት ኣቐዲሙ ካብ 1000 ሰባት 4 ግዱያት ናይቲ ሕማም ዝርከቡ ዝነበሩ፡ ናብ 20 ግዱያት ካብ 1000 ሰባት ደይቡ ከም ዘሎ ይንገር።

### ዝርግሐ ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ብደረጃ ህዝቢ ዓለም

ብደረጃ ዓለም፡ ተርእዮ ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር እናዓበየ ይኸይድ ከም ዘሎ ሕክምናዊ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብዚ ግዜ'ዚ 1 ካብ 400 ሰባት (0.25 ሚእታዊት ምኳኑ እዩ) በዚ ሕማም እዚ ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ከም ዘሎ ይንገር። እቲ ሕማም ኣብ ኣደ ወይ ኣብ ኣቦ ምስ ዝህሉ፡ ኣብቶም ዝወለዱ ህጻናት እቲ ሕማም ክምዕበል ዘለዎ ተኽእሎ ካብ 1 ክሳብ 8 ሚእታዊት ይበጽሕ - ብ15 ዕጽፊ ይዛይድ ማለት እዩ። ክልቲኦም ወለዲ በቲ ሕማም ዝተለኽፉ ምስ ዝኾኑ ድማ፡ እቶም ካብኦም ዝወለዱ ነቲ ሕማም ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ 30 ሚእታዊት ክበጽሕ ይኽእል። እዚ ይኹን'ምበር፡ 85 ሚእታዊት ሕማም ሽኮር ዘማዕበሉ ህጻናት፡ ዝኾነ ካብ ወለዶም ሕማም ሽኮር ዘይብሎም እዮም።

ስለዚ ሕማም ሽኮር ንመን ከም ዝጋጥሞ ብንጹር ክፍለጥ ዝከኣል ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ደቅና ግቡእ ምክትታል ክንገብር ከም ዘለና እዩ ዝምክር።



### ምልክታት ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ኣብ ህጻናት እንታይ ይመስል፧

ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር (T1D)፡ ሕማም ዝከላኸል ስርዓተ ኣካላት ጠንቂ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት፡ 'ኢንሱሊን' ዝፈሪ 'ቤታ' (beta) ዝተባህለ ዋህዮ ናይ ቆስጠ ከጥቅዖን ከፅንዖን ብምጅማሩ ዝማዕበል ሕዱር ሕማም እዩ፡ ከም ውጽኢቱ ኣካላትና ኢንሱሊን ክፈሪ ኣይክእልን። ኢንሱሊን ዝተባህለ ሆርሞን፡ ካብቲ እንመገቦ መግቢ ዝምስራሕ ተፈጥሮኣዊ ሽኮር (ግሉኮዝ) መጸዩ ንምትራፍ ይሕግዝ። ብዘይ'ዚ ሆርሞን'ዚ፡ እቲ ሽኮር/ ግሉኮዝ ተመጺዩ ናብ ዋህዮታት ሰብነትና ስለ ዘይኣቱ፡ ኣብ ደም ተሓዊሱ ከም ዝተርፍ ይኾውን። በዚ ድማ፡ ኣብ ደም ዝህሉ መጠን ሽኮር ይዛይድ'ሞ፡ እቲ ሕማም ሽኮር ይገሃድ።

ምልክታት ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ኣብ ህጻናት፡ ካብ ዕድመ ናብ ዕድመ ይፈላለ እዩ፡ ኣብ ገለ'ውን ምስ ናይ ኢንፍልወንዛ ይመሳሰል እዩ። እቶም ልሙዳት ምልክታት ናይቲ ሕማም፦

- ምሕር ጽምኣት ማይ ስለ ዘፈጥር፡ ተደጋጋሚ ማይ ክትሰቲ ምድላይ፣
- ብተደጋጋሚ ምሻን ወይ ክትሸይን ምድላይ፣
- ምንቃጽ ኣፍ፣
- ዘይምኽንያታዊ ድኻምን ምስልካይን፣
- ሕማም ርእሲ፣
- ቃንዛ ጭዋዱ፣
- ሕውዝውዝ ምባል፣
- ተምላሰን ፅርግርግ ምባልን፣
- ድኻምን ክተመዛዘን ዘይምኽኣልን፣
- ቃንዛ ከስዐ፣
- ዘይምኽንያታዊ ምጉዳል ሚዛን ሰብነት፣

ዝኾነ ሰብ እዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ምልክታት ኣብ ልዕሊኡ ይኹኑ ኣብ ካልኦት ሰባት ክስተብህል ምስ ዝጅምር ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክገብር ይግባእ።

ተደጋጋሚ ወሽጣዊ ረኽሲታት ምስ ዝጋጥም ወይ ቀልጢፉ ክሓዊ ምስ ዘይክእል፡ ከምኡ'ውን ተበላጺቲ ሕማማት ክረኣዩ ምስ ዝጅምሩ፡ ካብ ምልክታት ናይቲ ሕማም ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ ግቡእ መርመራ ክግበር የድሊ።

### ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ብምንታይ ይመጽእ፧

ጠንቂ ሕማም ሽኮር እንታይ ምኳኑ ብንጹር ዝፍለጥ ነገር የለን። ገለ ካብ ተመራመርቲ፡ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣካላት ኢንሱሊን ዝፈሪ ዋህዮ ናይ ቆስጠ ንኸጥቅዕ ዘቓቕሖ ነገር፡ ኣብ ሰብነትና ተላበዉ ዝጸንሕ ቫይረስ ክኸውን ከም ዝኽእል እዮም ዝኣምኑ።

ኣብ 2018 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረ'ዎ፡ ን'ኤንተሮቫይረስ' (entero-viruses) ዝተቓልዑ ህጻናት፡ ብቐዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። 'ኤንተሮቫይረስ' ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ቫይረስ ጉጅለ ኮይኑ፡ ከም ሰዓል ዝኣመሰሉ ፍኹስ ዝበሉ ሕማማት ከማዕብሉ ዝኽእሉ እዮም።

ስነ-ፍጥረት (genetics) እውን ጠንቂ ሕማም ኣብ ህጻናት ንምኳኑ ናይ ባዕሉ ተራ ከም ዘለዎ እዩም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ሕማም ሽኮር ካብ ዘለዎ ስድራ ዝወለዱ ህጻናት ነቲ ሕማም ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

### ደረጃታት ምዕባለ ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ኣብ ህጻናት

ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝርከቡ፦ ኣብ ደም ካብ ክልተ ወይ ልዕሊኡ ጸረ-ጋና (anti-body) ዘለዎም፡ ኣብ ደም ዘሎ መጠን ሽኮር ግና ንቡር ዝኾነ፣

**ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከቡ፦** ኣብ ደም ካብ ክልተ ወይ ልዕሊኡ ጸረ-ጋና (anti-body) ዘለዎም ኮይኖም፡ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደሞም ግና ኣብ ቅድመ-ሽኮር (pre-diabetes) ዝርከቡ እዮም። እዚ ማለት ዝኾነ መግቢ ከይለኸፉ፡ ኣብ 100 ክሳብ 125 mg/dl ናይ HgA1C ዓቐን ሽኮር ካብ 5.7 ክሳብ 6.4 ሚእታዊት ምስ ዝኸውን እዩ።

**ሳልሳይ ደረጃ፦** ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ካብ ንቡር ንላዕሊ ምስ ዝበጽሕ እዩ።

ፍወሳን ምክትታልን ንግዱያት ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ዝኾኑ ህጻናት

ኣብ ግዱያት ደቅና ንዘለዉ ሕማም ሽኮር ንምቁጽጻር ዝተፈላለዩ ሜላታት ክንጥቀም ንኽእል ኢና።

- ዓይነትን መጠንን መግቢ ከምኡ'ውን ኣመጋግባና ብስሩዕ ምቁጽጻር፣
- ሚዛን ኣካላት ምቁጽጻርን ብስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታርን፣
- ብኣፍ ዝውሰዱ መድሃኒታት ብግቡእ ዓቐን ምጥቃምን ብግቡእ ምዕቃብን፣
- ብሓኪም ዝተኣዘዘልና መድሃኒት ኢንሱሊን ከምቲ ዝተሓበረና ብግቡእ ምዕቃብን ምጥቃምን፣
- ሓገዝ ንምርካብ ንኣባላት ስድራቤትን መቕርብን ምሕባር፣
- እቲ ሕማም ከስዕቦ ዝኽእል ሓልክታት ንምጉዳል፡ እቶም ህጻናት ብስሩዕ ናብ ሕክምና ብምውሳድ ሕክምናዊ መርመራ ምግባር። ኣብ ሰለስተ ወርሒ መርመራ ሄሞግሎቢን (A1C)፡ ናይ ዓይኒ፡ ጸቕጢ ደም ወዘተ ምግባር።

### ኣተዓቓቕባ ኢንሱሊን

ቀዳማይ ዓይነት ሕማም ሽኮር ዘለዎ ቀልጽ ኢንሱሊን ክወስድ ብሓኪም ይእዘዘሉ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ኣተዓቓቕባ እቲ መድሃኒት ግቡእ ኣፍልጦ ክህልወና ይግባእ።

- ኢንሱሊን ክንጥቀመሉ ምስ ከፈትናዮ፡ ክሳብ ሓደ ወርሒ ኣብ ፍሪጅ ወይ ኣብ ዝሑል ቦታ ክቕመጥ ይግባእ። እቲ መድሃኒት ካብ 23 ክሳብ 27 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ክቢ እዩ ክዕቀብ ዘለዎ። ፍሪጅ ምስ ዘይህልወና፡ ቀጻሊ ማይ ኣብ ዘጠልቀናዮ ጨርቂ ወይ ኣብ ዕትሮ ክቕመጥ ይከኣል።

- ኢንሱሊን ናብ በረድ እንተተቐዩሩ፣ መቑት ምስ ረኸበ ሕብሩ ስለ ዝድኑበንን ሕርኽርኽ ስለ ዝብልን ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኮይኑ ከም ዘሎ ክንፈልጥ ኣለና።

እቲ ኢንሱሊን ብተደጋጋሚ ኣብ ዝተወሰነ ክፋል ኣካል ምውጋእ ዘስዕቦ በሰላ፡ ነቲ መድሃኒት ብግቡእ ናብ ደም ከይዝሩቑ ስለ ዝገብር፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ሰብነትና ክንወግኦ ይግባእ።

ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብሩ ህጻናት ንምእላይ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ጸገማት

ህጻናት ብባህሪኦም ተኣለይቲ ስለ ዝኾኑ፡ መድሃኒት ብስሩዕ ኣብ ምውሳድ ይኹን፡ ስሩዕ ናይ ኣመጋግባ ሰዓታት ንምኽታል፡ ናይ ግድን ሓገዝን ምቁጽጻርን ወለዲ የድልዮም። እቲ ዝዋበር ምክትታል ንመዓልታት ዝቕጽል ብምኳኑ'ውን ነቲ ስድራ ከበድ ሓላፍነትን ጸርን ዘስዕብ እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ንምትግባር፡ ስድራቤታት እኹል ዝኾነ ኣፍልጦን ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራብን ዝረኽቡሉ ባይታ ክህሉ ኣለዎ።

መግቢ ንቕልዑ፡ ንኽኑብሩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ግቡእ ደረጃ ዕብየት ክህልዎም፡ ሕማም ክከላኸሉዎም፡ ሚዛን ሰብነቶም ብግቡእ ክሕሉ ይሕግዞም። ምስ ሕማም ሽኮር ዝነብሩ ህጻናት ድማ፡ ከም ዝኾነ ካልእ ዝተመጣጠነ መግቢ የድልዮም። ይኹን'ምበር፡ ምንቅስቓስ ህጻናት ኩሉ ግዜ ክንቆጻጸሮ ዝከኣል ኣይኮነን። ዓቐን ክወስድዎ ዘለዎም መግቢ'ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይፈላለ እዩ። እዚ ኩሉ ተደሚሩ፡ ኣብ ደሞም ክህሉ ናይ ዝኽእል ዓቐን ሽኮር ናብ ንቡር ንምውራድ ኣሸጋሪ ይገብሮ።

ብተወሳኺ፡ ህጻናት ምንቅስቓሶም ምስ ኣመጋግባኦም ኣብ ዘይመጣጠነሉ እዋን፡ ኣብ ደሞም ዝህሉ መጠን ሽኮር ስለ ዝትሕት፡ ሓደገኛ ተርእዮ ኪጋጥም ይኽእል። እዚ ከይከውን ወለዲ ዓቐን ሽኮር ደቆም ኣብ ደም ልዕል ክብል እዮም ዝመርጹ። ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ንዊሕ እዋን ልዒሉ ምጽናሕ'ውን ንባዕሉ፡ ኣብ ኩሊት፡ መትኒ፡ ዓይንን ሰራውር ደምን ከበድ ጉድኣት እዩ ዘውርድ። ስለዚ እቲ ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ንቡር ደረጃ ክህሉ እዩ ዘለዎ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ድማ ኣብ ኣመጋግባኦምን ኣብ ዝወስድዎ መድሃኒትን ከይተሓለልና ግቡእ ምክትታል ምስ እንገብር እዩ።

ወለዲ፡ ብዛዕባ ጥዕናዊ ኩነታት ደቆም፡ ብፍላይ ድማ ሕማም ሽኮር ምስ ዝኸውን፡ ንመምህራኖም ምሕባር፡ ኣብ ትምህርቶም ኪጋጥም ንዝኽእል ጸገማት ዝርደኣሉም ክረኽቡን ግቡእ ቀላሒታ ንኽየጠረሉምን ይሕግዞም እዩ። ህጹጽ ሓገዝ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ኣድላዪ ዝኾነ ረድኤት ንኽህቡ፡ ክገብርዎ ዝዋጽእ ጥንቃቐታት ምሕባር ኪጋጥም ካብ ዝኽእል ፅገርግር ክድሕን ይኽእል።

ጉበዞና/ ግርዘወና ኣብ ኣካላትና ብዝፍጠር ዝተፈላለዩ ነዘዕታት (ሆርሞናት) ዝምዕበል ኮይኑ፡ መብዝሕትኡ ኣንጻር ምፍራይ ኢንሱሊን ዝፍጠር ክዩ'ውን እዩ። እዚ ኣብ ምቁጽጻር ዓቐን ሽኮር ኣብ ደም ዓቢ ብደሆ ኮይኑ እዩ ዝርአ። ስለዚ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ህጻናት ኣብ ኻፍሲ-ወከፍ ደረጃ ዕብዮቶም ግቡእ ቀላሒታ ከም ዘድልዮም ክንዝከሮ ዩብልና።

ምንጪ፦ መጽሄት ሕማም ሽኮር



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ወሸመጥ ቓዛ፡ ኣብ ከመይ ኩነታት ኣሎ፧



ውግእ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ሳልሳይ ዓሙቱ ኣብ ዘቑጽረሉ ዘሎ እዋን፡ ህዝቢ ናይቲ ወሸመጥ ዛጊት ኣብ ከቢድ ቅልውላው እዩ ተሸሚሙ ዝርከብ ዘሎ። ወሸመጥ ቓዛ ኩሉ ትሕተ ቅርጽታታ ዓንዩ፡ ዝተኸስተ ሰብኣዊ ቅልውላው'ውን መፍትሒ ከይተረኽቦ ገና ይቕጽል ኣሎ።

ብሰንኪ'ቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ እቲ ወሸመጥ ዘካየደቶ መጠነ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ግዳ ሞትን ጥሜትን ኮይኖም ኣለዉ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት፡ ብውሕዱ ሓደ ሲሶ ካብ ብዝሒ ህዝቢ ቓዛ፡ ንመዓልታት መግቢ ከይለኸፈ ክኸይድ ጸኒሑ እዩ። ብኡ ምኽንያት ድማ፡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ቀልዓ ሰበይቲ ዝርከቡዎም ፍልስጤማውያን፡ ተጸባይቲ ህጹጽ ረድኤት ክኾኑ ተገዲዶም እዮም። ብተመሳሳሊ፡ ብሰንኪ ምሕረ ጥሜት፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት፡ ቁጽሪ ናይቶም ብዓጸቦ ዝተጠቕዑ ህጻናት ብሰለስተ ዕጽፊ ከም ዝዓበየ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዘሎ ዝዓበየ ብድሆ፡ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው እዩ። ብፍላይ ከኣ ዝርአ ዘሎ ተላባዒ ሕማማት። ሓደ ካብ'ቶም ብኩናት ዝዓነዉ ትሕተ ቅርጽታት ወሸመጥ ቓዛ፡ እቲ ኣቐሊልካ ዘይርአ መስመር መጨንገዒ ረሳሕ ፈሳሲ እዩ። ካብ'ቶም ኣብታ ወሸመጥ ዝርከቡ መጨንገዒ ረሳሕ ፈሳሲ ዝኾኑ መደበራት፡ እቶም ልዕሊ 70 ሚእታዊት ዓንዮም ኣለዉ። በዚ ከኣ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ረሳሕ ኣከባቢ፡ ኑቶም ነበርቲ ንዝተፈላለዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት የቃልዖም ኣሎ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ኣዋርሕ ጥራሕ፡ ሰሙናዊ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ብዝተፈላለዩ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ክልከፉ ከም ዝጸንሑ'ዮም ሰብ ሞያ ጥዕና ናይቲ ወሸመጥ ዘረድኡ።

ናብ መንበሪ ኣባይቲ እንተመጺእና'ውን፡ እቲ ኩነታት ተመሳሳሊ እዩ። ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝግለጽ፡ ካብ ጠቕላላ ህንጻታት ናይታ ወሸመጥ፡ እቲ ልዕሊ 82 ሚእታዊት ቡቲ ውግእ ፍጹም ዓንዩ እዩ። እቲ ከይዓነወ ዝተረፈ'ውን እንተኾነ፡ ተነቓኒቑን ፈጋዕጋዕ ኢሉን ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ከም ዝርከብ፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ ባዕሉ ክፈርስ ከም ዝኽእል እዩ ዝንገር። ከም ዝዝከር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ኣብቲ ወሸመጥ ሓደ መንበሪ ህንጻ ሃንደበት ብምፍራሱ፡ ብውሕዱ 20 ሰባት ተጸቒጦም ሞይቶም እዮም። በዚ ከኣ፡ ህዝቢ ቓዛ ዛጊት ተረጋጊኡ ክነብረሉ ዝኽእል ውሑስ ቤት'ውን ክረክብ ኣይከኣለን ዘሎ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ዝዓነወ ትሕተ ቅርጽታት ወሸመጥ ቓዛ ዳግማይ ንምጽጋን፡ ብውሕዱ 18.5 ቢልዮን ዶላር ከድሊ እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ማዕረ'ቲ ኣብ 2022 ዝነበረ ድምር መጠን ጃምላ ሃገራዊ እቶት ምዕራባዊ ገምገምን ወሸመጥ ቓዛን ባጀት የድሊ ኣሎ ማለት'ዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ህዝቢ ወሸመጥ ቓዛ ኣብ ከቢድ ቅልውላው ተሸሚሙ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት፡ መበል 81 ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝቃንዓሉ ዝነበረ፡ ቦርድ ሰላም ናይታ ወሸመጥ ንዳግመ ህንጸት ቓዛ ዝውዕል ኣስታት 2.45 ቢልዮን ዶላር ክስልዕ ምዃኑ ክገልጽ እዩ ተሰሚዑ። እዚ ን66 መደባት ከም ዝሓቁፍ ተነጊሩሉ ዘሎ ባጀት፡ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ ተግባራዊ ክኸውን ምዃኑ እዩ ዝሕበር ዘሎ። በዚ ከኣ፡ ሰብኣዊ ቅልውላው ወሸመጥ ቓዛ ገለ ፍታሕ ክርከቦ ከም ዝኽእል፡ ሓያሎ ተንተንቲ ናይቲ ዞባ ግምታቶም ይህቡ ኣለዉ።

እስራኤል፡ ኣብቲ ንሰለስት ዓመታት መመላእታ ኣብ ልዕሊ ቓዛ ዘካየደቶ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ፡ ኑቲ ንግብጺን ነታ ወሸመጥን ዘራኽብ መስመር ረፋሕ ምዕጻዋ'ውን፡ ኑቲ ህዝቢ ሕጽረት መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራት ከስዕበሉ ክኢሉ'ዩ። እዚ ኣገዳሲ መስመር፡ ካብ ግንቦት 2024 ኣትሒዙ ተዓጽዩ ብምጽንሑ፡ ፍልስጤማውያን ካልእ ተወሳኺ ሽግር'ውን ኣስዒቡሎም እዩ። ንሱ ድማ፡ እቶም ብመጥቃዕቲ እስራኤል ብኸቢድ ቆሲሎም ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮም ፍልስጤማውያን፡ ካብታ ወሸመጥ ወጺኦም ኣብ ግብጺ ይኹን ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት ክሕከሙ ኣይከኣሉን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ብሰንኪ ሕጽረት ናውቲ ሕክምናን መድሃኒታትን ንሞት ተቓሊዖም እዮም።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ሰራዊት እስራኤል፡ ኑቲ ኣብ ወሰናስን ዶብ ረፋሕ ዝርከብ መሬት ወሸመጥ ቓዛ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ድሕሪ ምእታዉ፡ ኑቲ ካብን ናብን ወሸመጥ ቓዛ - ግብጺ ዘሰጋግር መስመር ክዓጽዎ እዩ ተራእዩ። በዚ ድማ፡ ህዝቢ ፍልስጤም ንኣስታት ክልተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ዝጥኑ ዝፍጽም ዝነበረ ኣልማሚ ደብዳብ፡ ብሕጽረት መሰረታውያን ሃለኽቲ ነገራት'ውን ብዙሕ እዩ ተሳቐዩ።

እቲ ኩነታት ከምዚ እናሃለወ ድማ'ዩ ውድብ መግቢ ዓለም፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ቀልዓ ሰበይቲ ዝርከቡዎም ልዕሊ 90 ሽሕ ሰባት ሰብኣዊ ህጹጽ ሓገዝ የድልዮም ከም ዘሎ ጻውዒት ዘቕረበ። እቲ ውድብ ኣብ ጻውዒቱ ወሲኹ፡ ኣብ ቓዛ ተኸሲቱ ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው ንምቅላል፡ ብውሕዱ 600 ሰብኣዊ ሓገዛት ዝጸዓና ዓበይቲ መካይን መዓልታዊ ናብቲ ወሸመጥ ክኣትዋ ከም ዘለወን ኣተሓሳሲቡ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ዛጊት ከንድ'ዚ ዝተገልጸ ብዝሒ ዘለወን መካይን ናብቲ ወሸመጥ ክኣትዋ ኣይከኣላን ዘለዋ። በዚ ምኽንያት እዩ ከኣ ህዝቢ ናይ'ታ ወሸመጥ ብኹሉ መዳያት እፎይታ ክረክብ ዘይከኣለ ዘሎ።

ኣብ መወዳእታ 2024፡ ብድፍኢት ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ወከልቲ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ኣብ ዶሓ - ርእሰ ከተማ ቀጠር ተረኺቦም፡ ተጻብኦ ንግዚኡ ደው ክበሉ ተሰማሚዖም ከም ዝነበሩ ዝዝከር እዩ። እቲ ተበጺሑ ዝነበረ ስምምዕ፡ ሓማስ ጅሆ ዝሓዞም ፍልስጤማውያን በበእብረ ናጻ ክለቆም፣ እስራኤል ድማ ኣማሲያኡ ሰራዊታ ካብቲ ወሸመጥ ቡብቑሩብ ክትስሕብ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ኣብያተ ማሕቡስ ንዘሓየረቶም ፍልስጤማውያን ናጻ ክትለቕቖ ዝብሉ ነጥብታት ዝሓቘፈ እዩ ነይሩ። ትግባረ ናይቲ ስምምዕ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን፡ ብሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዝነበሩ ሙብዛሕትኦም እስራኤላውያን ዝኾኑ ብዙሓት ዜጋታት ናጻ ተለቒቖም ናብ ስድርኦም ክጽንበሩ እንከለዉ፡ ብወገን እስራኤል ድማ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ካብ ኣብያተ ማእሰርቲ ናጻ ክልቀቑ ክኢሎም እዮም። እቲ መስርሕ ትግባረ ናይቲ ስምምዕ እናቐጸለ እንከሎ፡ ድሕሪ 95 መዓልታት፡ ብፍሉይ ትእዛዝ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ እቲ ስምምዕ ተጣሒሱ። በዚ ከኣ ክልቲኦም ወገናት እንደገና ናብ ግጭት ስለ ዝኣተዉ፡ ሰብኣዊ ቅልውላው ናይቲ ወሸመጥ መሊሱ ክብእስ ተራእዩ። ከም እንደገና'ውን ሓማስ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ እስራኤል ድማ ሰራዊታ ካብቲ ወሸመጥ ክትስሕብ እኳ ኣብ ስምምዕ እንተ በጽሑ፡ እዚ ስምምዕ'ዚ ግን ዛጊት ዘላቒ ሰላም ከምጽእ ኣይከኣለን ዘሎ። ምስኡ ከኣ ኩናት ኢራን ስለ ዘርከበ፡ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዘሎ ጎንጺ ቀልጢፉ ብሰላም ክዕረፍ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ፡ ጠመተ ማሕበረሰብ ዓለም ናብ ኩናት ኢራን እዩ ዛዚዩ ጸኒሑ።

ማሕበረ ሰብ ዓለም፡ ኑቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ትፍጽሞ ዘላ ደብዳብ ኢሰብኣዊ ብምባል ክኹንኖ እዩ ትሰሚዑ። እስራኤል ናብቲ ወሸመጥ ክኣቱ ንዘጸንሐ ሰብኣዊ ሓገዛት ምሉእ ብምሉእ ምዕጋታ፡ መዓንጣ ዘይቀጸሩ ህጻናት ብዓጸቦ ንኽጥቀዑ ፈሪዳቶም እያ። ነፍሰ ጾራትን ዕሸላትን'ውን ብሰንኪ ሕጽረት መኣዛዊ መግብታት ብሕማም ክጥቀዑን ክሞቱን ተራእዮም እዮም። እስራኤል ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ብእተካይዶ ዘላ ኣልማሚ ደብዳብ፡ ዛጊት ብውሕዱ 74 ሽሕ ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 175 ሽሕ ድማ ቆሲሎም ኣለዉ - ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ።



# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

*ሄርሞን ሓጎስ ብርሃ እዩ ዝበሃል። ኣብ ሃገርና ሓደ ካብቶም ወናምት ተለሃይትን ኣለይቲ ትልሂትን ክኸውን ዝበቕዐ ድማ እዩ፡ ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዓብዩ፡ ናይ መባእታ ጉዕዞ ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢራፋይሉ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ኣኽርያ፡ 2ይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ተኸታቲሉ፡፡ ድሕሪ ማትሪኹ ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ንምፍጻም ኣብ 1999 ኣብ 9ይ ዙር ናብ ሳዋ ወሪዱ።*

# “ትልሂት ኣውርስ፡ ተለሃይቲ ደሚቐም ዝረኣዩሉ ጸወታ እዩ” ሰነ-ጥበበኛ ሄርሞን ሓጎስ



*ናይ ስነ-ጥበብ ጉዕዞ ህይወቱ ኣብ 1998 ብናይ ተማሃሮ ምርኢት ኣብ ቺቺሮ ዝጀመረ ሄርሞን፡ ድሕሪ ምዝዛም ታዕሊም ኣብ ክፍልታት ማእከላይ ግንባር ኣብ ጨጎሪት ተመዲቡ ክሳብ 2003 ሰሪሑ፡፡ ብድሕሪኡ ቦታኡ ናብ ኣስመራ ስለ ዝተቐየረ ነቲ ዝነበሮ ናይ ትልሂት ተውህቦን ባህግን ምስ ብጹል ዓለማዊ ትልሂት ሰሞኣን ኣርኣያ (ቓንቑ) ብምዃን ቀጺሉ፡፡ ኣብ 2008 ከኣ ካብ ሃገረ ቻይና ብዝመጽአ መምህር ብዙሓ ኣሰራርሓን ኣሰራርዓን ትልሂት፡ ሓፈሻዊ ብዙሓ ኪሮግራፊ ከምኡ’ውን ናይ ስታድየም ምርኢታት… ብዝምልከት ንሓደ ወርሒ ናይ ትምህርቲ ዕድል ረኺቡ፡፡ ካብ 2003 ክሳብ 2008 ከም ተለሃያይ ኩይኑ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም ወጽኢት ካብቲ ቻይናዊ መምህር ዝወሰዶ ስልጠና፡ ንመጀመርታ እዋን ኣብ 2029፡ ከም መምህር ትልሂት ኩይኑ፡ ምስ ብጹዩ ስነ-ጥበበኛ ምሳሮን ብርሃ (ወዲ-ብሪ) ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ናይ 6 ወርሒ ንመንእሰያት ስልጠና ሂቡ፡፡ ቀጺሉ፡ ዞባ ደቡብ ብዘሰርዖ መደብ፡ ኣብ 2010 ኣብ ደባርዋ፡ ኣብ 2011 ድማ ኣብ መንደፈራ ናይ ትልሂት ስልጠና ሂቡ፡፡ ከምኡ እናበለ በዚ መኣልኣልዚ እናተኸሓሓሰ ዝመጸ ሄርሞን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ በዓላትናን ፈስቲቫላትናን ዓበይቲ ሃገራዊ መድረኻትን ከም ዓለሚ (ኣላዪ) ከምኡ’ውን ዳኛ ትልሂት ኩይኑ ሓያል ኣበርክቶ ዝገበረ ስነ-ጥበበኛ እዩ፡ ምስ ዝበሮ ተሞክሮ ድማ፡ ኣብ 2019 ካብ ደቀምሓረ ማእከላይ ግንባር ናብ መኩሳን ጉስጓስን ሓበሬታን ሚ/ሪ ምክልኻል ናብ ጉጀለ ባህሊ ዋልታ ተሳሒቡ፡፡ ኣብ’ዛ ጉጀለ ናይ ክልተ ዓመት ጸንሒቱ ድሕሪ ምግባር ድማ፡ ኣብ’ቲ ጨንፈር ናብ ክፍሊ ትምህርትን መጽናዕትን ከም ኣጸናዒ፡ መምህር ትልሂት፡ ዳኛ ኩይኑ ይሰርሕ ኣሎ፡፡ ስለ’ዚ ኣብዚ ዝሓለፋ ዓመታት ዝደኸመሉ ዓውደ ትልሂት ኣመልኪትና ምስኡ ዝገበርናዮ ቃለ-መሕተት ይስዕብ፡፡*

**- ኣበርክቶኻን መጽናዕትኻን ኣብ ዓውዲ ትልሂት ብዙሕ እዩ’ሞ፡ ሕቶና ንምፍላም ትልሂት ክበሃል እንከሎ ብኸመይ’ዩ ዝግለጽ፧**

ትልሂት ማለት ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ጥበባትን ዓንድታትን ባህሊ ኢልና እንጸውዖ እዩ፡፡ ምልስ ኢልና ብዝዕባ ድሕረ-ባይታኡ ክንርእዮ እንከለና፡ ኣብ ዘመነ ጥንቲ ደቂ-ሰብ ገና ኣብ ደረጃ ምዕባለ ከይበጽሑ እንከለው፡ ንትልሂት ከም ሓደ መረዳድኢን መራኸቢን ቋንቋ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ጥበብን ምህዞን እዩ፡፡ ካብ ጥንታውያን ሕብረተ-ሰባት ድማ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ምዕባለ ደይቡ፡፡ ታሪኽ ትልሂት፡ ካብ’ቲ ዘመነ ሃድን እናተባህለ ዝጽዋዕ እዋን እዩ ዝጀምር፡፡ ኑዶም ብሃድን ምስ ዝተፈላለዩ እንስሳታት ፊት-ንፊት ተቓሊሶም ዝገጥሙ ዝነበሩ ወፋር ዝወከለ ድማ እዩ፡፡ እቶም ናብ ሃድን ብምውፋር ነቲ ናይቶም ዝሃድንዎምን ዝሕዝዎምን ዝነበሩ እንስሳታት ምንቅስቓስ ከምኡ’ውን ነቲ ዝነበሮም ናይ ድፍረትን ፍርሕን፡ ትብዓትን ጅግንነትን ናይ ምርካብን ምስኣንን ስምዒታት፡ ኑዶም ኣብ ግዜ ዘጸንሕዎም ሕብረተ-ሰቦም ንኸረድእዎም ነቲ ናይቶም እንስሳታት ምንቅስቓሳት፡ ንትልሂት ከም መተረኺ ወይ መዘኻተዊ ይጥቀምሉ ነይሮም፡፡ ስለ’ዚ ካብ’ዚ ተበጊሶና ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ንትልሂት እንታይ ኢና ንብሎ፡ ካብ ውሽጣዊ ስምዒታት ደቂ-ሰብ ዝበገሰ ዓለም ለኻዊ ናይ ምንቅስቓስ ቋንቋ እዩ ኢልና ኢና ንገልጾ፡፡

**- ብሓፈሻ ዓይነታት ትልሂት ኣብ ክንደይ ምድባት እየም ዝኽፈሉ፧**

ብዙሓ ምደባ ናይ ትልሂት ክንዝረብ እንተ ኺይኑ፡ ምስ መድረኻት ምዕባለ እናተቐያየረ ዝመጽአ እዩ፡፡ ከም’ዚ ዝበልኩኹ፡ ኣብ’ቲ ጥንታዊ ሕብረተ-ሰብ ዝነበረ ናቱ መድረኽን ደረጃታትን ነይሩዎ፡፡ ብድሕሪኡ እቶም ሕብረተ-ሰባት ብዙሓ ሕርሻ፡ ማሰኖ፡ ምእካብ ምህርትን ፍርያትን ክዝረብዎን ክጥቀሙን ምስ ጀመሩ ከኣ፡ ሓደ ንዕኡ ክረዳድእ ዝኽእል ባህሊ ፈጢሮም፡፡ ባህሊ ምስ ፈጠሩ ከኣ፡ ያታዊ ትልሂት ዝበሃል መጺኡ፡፡ ብድሕሪ እዚ ያታዊ መድረኽ ከኣ፡ እዚ ናይ ማስፍናዊ መድረኽ እዩ ዝቐልቀለ፡፡ ኣብኡ ከኣ ሓደ ትያትራዊ ትልሂት ዝበሃል ክፈጥሩ ክኢሎም፡፡ እቲ ትያትራዊ መድረኽ ወይ ትልሂት ምስ መጽአ ከኣ ንባዕሉ ሰለስተ መድረኻት ዝሓቖፈ እዩ ነይሩ፡፡ ክላሲካዊ ትልሂት፡ ዘመናዊ ትልሂት፡ ኮንቴምፖራሪ ዳንስ ማለት እዋናዊ ወይ ድማ ከኒታዊ ትልሂት ዝበሃል’ውን ኣሎ፡፡ እዚ ብቦመድረኹ ምስ ምዕባለ እናተመሓየሸን እናተወሰኸን ዝመጽአ እዩ፡፡ ብሓፈሻ ክንርእዮ እንተ ደኣ ኈጌና ግን፡ ትልሂት ኣብ ክልተ ዓበይቲ ምድባት ክንከፍሎ ንኽእል፡፡ እቲ ሓደ እቲ ትያትራዊ መድረኽ እዩ፡፡ እቲ ሓደ ድማ እቲ ያታዊ መድረኽ እዩ ኢልና ክንጠቕሶም ንኽእል ኢና፡፡

**- ሕራይ ሄርሞን፡ ብቐንዱ ናብ ትልሂት ክትኣቱ ዝደፋፈኣካ ነገራት እንታይ እዩ፧**

ተመሃሮ ኣብ ዝነበርናሉ፡ ካብ ትምህርቲ ተፈዲስና ብኩዋ ክንሓልፍ እንከለና፡ ትልሂት ንዕዙብን መዘናጋዕ ንስምዕን ነይርና፡፡ ስለ’ዚ ብምርኢት ናይቶም ስነ-ጥበበኛታት፡ ቀልጢፈ ክጽሎን ክምሰጥን ጀሚረ፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ 1999 ናይ ትልሂት መደብት ‘ሀ’ ኣለ ፈሊመ ማለት እዩ፡፡

**- ካብ’ዚ ብምብጋስ ንኸሉ’ቲ ቋንቋ ናይ ትልሂት ንኽልእ እዋን ገዲፍና፡ ንሉሚ ከዋግዓሉ መርጸ ዘለኹ ግን ክሳብ ሕጂ እናተወራረሰ ክመጽእ ዝጸንሐ ኣብ ያታን ልምድን ክብርታት ሕብረተ-ሰብ ትግርኛ ዝዘውተሩ ዝነበሩ ማሰጥቲ ትልሂታት ናይ ኣውርስን ተሓምበለን ኢና ከውግዕሞ፡ ፈለማ ኣውርስ እንታይ እዩ ኣበይን ብኸመይን እዩኸ ዝጽወት፧**



ኣውርስ ናቱ ወግዑ፡ ልምዱ፡ ትልሂት፡ ...



ዘለዎ ጥቡብ እዩ፡፡ ኣውርስ ሓደ ካብቶም ንኣስ ትልሂታት ኢልና እንጸውዖም እዩ፡፡ ኣብ ብሄረ ትግርኛ ካብቶም ዓበይቲ ትልሂት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዝተወሰነ ከባቢ እዩ ዝጽወት፡፡ ኣብ’ዚ ብዓል ማይ ኣልቡ ሰፍሓ …ዝበሃል ዓድታት ብሓፈሻ ከኣ ጽልማ ዝጽወት ዓይነት ትልሂት እዩ፡፡ ኩሉ ግዜ ምስ ኣስታለን ተሓምበለን ተሓዊሱ ዝጽወት ጸወታ እዩ፡ ከም ትልሂት ኑበሱ ክኢሉ ኣይቀርብን እዩ፡ እዚ ትልሂት እዚ፡ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያት ብብዝሒ ዘዘውትርዎን ዝጻወትዎን እዩ፡ ሓያል ናይ ኣካላዊ መግለጺታትን ስምዒታትን ዘለዎ፡ ፍሉይ ክእለት ዝሓትትን ዝንጸባረቐሉን ዓይነት ትልሂት እዩ፡፡ ዝጠዝሕ እዋን ድማ፡ ዝተመርጹ ክኢላታት ዝሳተፍዎ ትልሂት እዩ፡፡

**- ትልሂት ኣውርስ ኣብ ከመይ እዋን እዩ’ኸ ዝጽወት፧**

ከም’ቲ ዝበልኩኹ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት እዩ ዝጽወት፡፡ ኣብ ናይ ሓጎስ ኢጋጣሚታት ማለት ኣብ መርዓ ክጽወት ይኽእል፡ ኣብ ማሕበራውን ሃይማኖታዊ በዓላት’ውን ዝዘውተር ፍቱው ትልሂት እዩ፡ ንኣስ ትልሂት ስለ ዝኾነ ተሓምበለን ኣስታለለን ኣብ ዘለወሉ ኣውርስ ኣሎ፡፡

**- ኣውርስ ውልቃዊ ብቕዓትካ ተንጸብርቐሉ ምስ ምዃኑ ዝሓትተካ ሓይሊን ክእለትን ከመይ ይመስል፧**

እዚ ትልሂት እዚ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ሓያል ናይ መንከብ ሰቓጥቀጥን ምንፍጥፋጥን ምንቅስቓስን ኣለዎ፡፡ ኣብቶን ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ጉሊሕን ጸቡቐን ናይ ክሳድ ምንቅስቓስ ኣለዎ፡፡ ከም’ዚ ዝበልኩኻ ሓያል ናይ ክሳድ፡ ገጽ፡ መናኸብ .... ምንቅስቓስ ኣለዎ፡፡ እንሓንሳእ ኣካላትካ ክሳብ ተፈልዩ ዝረኣየካ ግዜያት ኣሎ፡፡ ክኢላታትን ብሉጻትን ተለሃይቲ ዝሳተፍዎ እዩ፡፡ ምኩሓት ደቂ-ተባዕትዮ መናኸብም፡ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ክሳውደን ክሳብ ዝምንዐ፡ ብመልክዕ ውድድር ከይተረፈ ዝጻወትዎ እዩ፡፡ ብሓፈሻ ውልቀ ብቕዓቶም፡ ጥበቦም፡ ክእሎቶም… ዘርእዩሉ ትልሂት እዩ ጸወታ ኣውርስ፡፡

**- ቀጽል ሄርሞን!**

እዚ ጸወታ’ዚ ንሕና ማስትያታዊ ቅዲ ኢና ንብሎ፡፡ ክኢላታት ናይዚ ጸወታ ክጻወቱ እንከለው፡ ከምኡ ዓይነት እዩም ዝጥቀሙ፡፡ ውድድራዊ ኣቀራርባኡ “መን በለጸ”ን ዝፍለጠሉ ዓይነት ትልሂት እዩ፡፡ ህልኽ ዝመልኦ ስለዝኾነ ኣብ ተዓዘብቲ’ውን ልዑል ተመስጦ ኣለዎ፡፡

**- ከም’ዚ ዝበልካዮ እዚ ዓይነት ትልሂት’ዚ ብመልክዕ ውድድር ስለ ዝቐርብ ብተዓዘብቲ’ውን መሳጥነት ኣለዎ፡፡ ሓያል ናይ ህልኽ መን ኣሰፊን ኣረብሪቡን ዓይነት ዝፍለጠሉ ጸወታ ምስ ምዃኑ ካብ ተዓዘብቲ ዝግበረሉ ምትብባዕ እቲ መንፈስ ናይ’ቲ ውድድር ጓል ምስ ጓል፡ ወዲ ምስ ወዲ ወይ ጓል ምስ ወዲ ከመይ ይመስል፧**

ዝጠዝሕ ግዜ፡ እቶም ኣውዳት እቲ መናኸብም ክዝረብ እንከሎ፡ እተን ደቂ-ኣንስትዮ ክሳደን እዩ ዝዝረብ፡ ስለ’ዚ እተን ኣዋልድ ምስ ከምኣን ኣዋልድ ናይ መን ክሳድን ስምዒታት ኣንጸባሪቓ እዩ ዝፍለጥ፡፡ ኣብቶም ደቂ ተባዕትዮ ድማ ክልተ ጫፍ የማናይን ጸጋማይን መናኸብ ክሳብ ሃንበይኑ ተፈላልዩ ዝንቀሳቐስ ዝገበር ጥበብ እዩ፡፡ ልዕሊ መጠን ፊርፊር ክብል እንከሎ ሰሓቢን መሳጥን እዩ፡፡ ኣብ’ዚ ትልሂት’ዚ፡ “መኖም እዩ ብሉጽ፡ ሓይሊ ዘለዎ፡ መን’ዩ መልከዐኛ ኣቀራርባ ዘለዎ” ዝብል ነገራትን መምዘንን እዩ እቲ ተዓዘቢ ከም መወዳደሪ ብልጽት ዝርእዮ፡፡ ኣብ’ዚ ከኣ እቲ እኩብ ህዝቢ ንሳዕሳዕቲ ኣውርስ ሞራል እናሃበ ሓይሊ ይኸውኖምን ነቲ ጸወታ ከም ዝረስንን ይገብር፡፡ ኣብ’ዚ ውድድር ብዓቢኡ እቲ ብሉጽ ሰብ ዝልለየሉ መድረኽ እዩ፡፡ ኣብ’ዚ ሕጂ እንታይ እዩ ዝረኣየኒ ይመስለካ፡ ኩሉ ስነ-ፍልጠት እዚ ዓለም ካብ’ቲ ሕብረተ-ሰብ ከም ዝወጸ እዩ ዘመላኽተ፡፡ ከም ኣብነት ኩሉም ኣብ ያታዊ ትልሂታትና ዘለዉ ኣቀራርባ ኣብ’ቲ ስነ-ፍልጠት ትልሂት ትረኽቦም ኢኻ፡ እዚ ዝበልኩ ዘለኹ ትልሂት ከኣ ከምኡ ዓይነት ባህሪ ኣለዎ፡፡ ጉሊሑ ዝረአ ትልሂት እዩ፡ እዚ ኣውርስ ዝበሃል ትልሂት፡ ከም ብዓል ሰሰስት ወይ ድማ ሰሎ ዝበሃል ዓይነት ትልሂት እዩ፡፡ ሰባት ደሚቖም ዝረኣዩሉም ዓይነት ጸወታ እዩ፡፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ኣውርስ ጉሲሖም ዝረኣዩ ሰባት ኢኻ ተሪኢ፡፡ እቶም ፍሉይ ክእለት፡ ብቕዓት፡ ተውህቦ ዘለዎም ተለሃይቲ ኣብ’ዚ ትልሂት’ዚ ደሚቖም እዮም ዝረኣዩ፡፡

ይቕጽል ...



# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዳ ዑቕባሚካኤል

2ይን መወዳእታን ክፋል

## ስነ-ጥበብ ሙዚቃን ቤት ትምህርቲ ሰውራን

**እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች)**

እታ ጉጅለ፡ መጀመርታ ብ1979 ኑቲ ኣብ ሰደት ዝነበረ ህዝብና ምርኢት ከተቕርብ ንሱዳን ክትኣቱ'ዩ መደብ ተታሒዙላ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ናብ ዓራግ - ቦታ ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት - ብምኻድ፡ ናይ ክልተ ሰሙን ልምምዳትን መርመራታትን ገይራ። ቅድመ ምድላዋታ ወዲኣ ንኽትብገስ እናተቐረረበት ከላ ግን፡ መንግስቲ ሃይለማርያም ንሱዳን ስለ ዝኣተወ፡ ንሱ ተቛሪጹ ዑደትና ናብ ግንባራት ተቐይሩ። ኣብ ግንባራት፡ ከምቲ ተገሊጹ ዘሎ ሰፊሕ ነይሩ።

ኣብ መንጎ'ዚ፡ እቲ ውድብ ናይ ሲንፎኒ ኦርኬስትራ ከቖውም መምርሒ ስለ ዘተዋህበና፡ ክሳብ 200 ዝኣኽሉ መንእሰያት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ካብ ኩላተን ብሄራት ተሓሪዮም መዚቃዊ ትምህርቲ ተጀሚሩሎም። ኦርቲስት ተስፋንኪኤል ቀለታ ካብ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ መጺኡ፡ ስሩዕ ትምህርቲ ክህቦም ጀሚሩ።

እዚ ትምህርቲ'ዚ፡ ከም ሓሳብ ካብቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ደኣ ይምጻእ'ምበር፡ ኩሉ ግዜ ኣሰካፊ ዝኑብሮ ነገራት ነይሩዎ፣ ምኽንያቱ፡ ንዕኦም ዝኸውን መሳርሒታት ካበይ ክመጽእ ይኽእል ኣተሓሳሳቢ ጉዳይ ስለ ዝነበረ። ሲንፎኒ፡ ሰለስተ ኦርባዕተ ጉጅለታት መዚቃ ኣጣሚሩ'ዩ ዝኸይድ። ናይ ብራስ ሓደ፣ ናይ ወድ ዊንድ ዝበሃል ኣሎ፣ ስትሪንግስ ፋሚሊ ካልእ ጉጅለ እዩ፣ ፐርካሽን ዝበሃል'ውን ኣሎ። ዚ ስለ ዝሓቀፍ፡ እዚ ውድብ ካበይ'ዩ ከምጽኦ፡ ዝብል ሕቶታት ነይሩ። ስለ'ዚ ኩሉ ግዜ ኣብ ተጠንቀቕ ኴንካ ኢኻ ትኸይድ። ወላ ንመሸላ መሸሙቲ ተባሂሉ ብዙተኣከበ ገንዘብ ከምጽኦ ኢና ይብሃል ስለ ዝነበረ ግን፡ ክሳብ ደሮ ምጅማር ሻድሻይ ወራር ቀጺሉ። እንተኾነ፡ ፕረለሚናሪ (መባእታ) ዝበሃል ምስ ተማሃሩ፡ እታ ዝፈራህናያ ሻድሻይ ወራር ኣርከበ። እቲ ክመጽእ ዝተሓሰበ መሳርሒታት መዚቃ'ውን ተቛሪጹ፣ እቶም ክስልጥኑ ዝተቐረቡ ናይ ሲንፎኒ መንእሰያት ናብቲ ዝጸንሑዎ (ቦታኦም) ተመለሱ።

እቲ ቀንዲ ነገር፡ እቲ ዝነበረ ኣጠማምታ ናይቲ ውድብ፡ ክሳብ ክንደይ ሰፊሕ ምንባሩ ኢኻ ትርዳእ። በቲ ተሓሰቡ ዝነበረ፡ ሲንፎኒ ኦርኬስትራ ብደረጃ ሰውራ፡ ኣብ ኤርትራ ምተጀመረ ነይሩ ማለት'ዩ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ 1982 ንዝተፈላለያ ኣካላት ውድብ ንሰለስተ ወርሒ ዝኸደ ስልጠና ትምህርቲ መዚቃ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ክህብ ክኢሉ። ኣብ 1984 እውን ካብ ኩላተን ክፍላተሰራዊት ንዝመጽኡ ኣባላት ጉጅለታት ባህሊ ናይ መሳርሒን ክልሰ-ሓሳባዊ ትምህርትን ከም ዝቐስሙ ተገይሩ። ጉጅለታት ዞባዊ ሰራዊት'ውን ክርስዑ ዘይብሎም ስልጠና ተዋሂቡዎም እዩ።

ወያነ ትግራይ'ውን ብ1979 መዚቃን ስእልን ክምሃሩ ናብ ኣራግ ይመላለሱ ነይሮም። ብ1981 ትሸዓተ ኣባላቶም ኣብ ዝምረቑሉ ዝነበሩ ግዜ፡ መሪሕነቶም ዝተረኽቡሉ ዓቢ ጽንብል ተገይሩሎም። ካብኣቶም ሰለስተ ስእሊ ዝተማሃሩ ኮይኖም፡ ኣብ መንግስቶም ብዓል ስሑል ይርከቡዎም። ኣብቲ መመረቕታ ካብ ዝተረኽቡ ሓለፍቶም ሓደ፡ ግደ ዘራጽዮን



ቀያሕቲ ዕምባባ ከረን

ነይሩ።

ተመሃሮ መዚቃ ወያነ ትግራይ፡ ኣብቲ መመረቕታኦም ትራምፔት ከይተረፈ ተጻዊቶም። ምናልባት ንሳቶም ትራምፔት ዝኣመሰለ ዘይ ልሙድ መሳርሒ ክጻወቱ ትጽቢት ነይሩዎም ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን፣ ብዘዕባ ክራር፡ ሻምብቆ፡ ጊታር ይሓስቡ ነይሮም ይኾኑ። ግን ኣብ መወዳእታ ምሉእ ባንድ ኮይኖም እዮም ንዓዶም ተመሊሶም።

እቶም ስእሊ ክምሃሩ ዝመጽኡ ድማ፡ ኣብ መመረቕታኦም፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባርን ወያነን ኣርማታቶም ኣልዒሎም ብሓንሳብ ዝረኣዩ ኣሳእል ኣቕሪቦም። እቲ ናይ ቀያሕቲ ዕንባባ ኢልና ንጽውዖ ዘለና ትካል ኪነ-ጥበብ እምበኣር፡ ከምዚ ዓይነት ኣበርክቶ ዝነበሮ እዩ።

ጉጅለ ባህሊ ኣለይቲ ደቀንስትዮ'ውን ተሳትፍቲ ናይቲ ዝምስረት ዝነበረ ምዕባለ መዚቃ ክኾና ስለ ዝነበረን ቀይመን። ብመምህር ሰወእ ጠዓመ ጉብረእግዚኣብሄር ንዝቐርበለን ዝነበረ ዜማታትን ግጥምታትን ብኽመይ ዝበላ ድምጻውያን፥ ከም ብዓል ጓል ጸጋይ፡ ጓል ገብርን ጓል እምባዬን ይቐርባ ነይሩ። እቶም መዚቀኛታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ኑቲ ዜማታተን የጽንዑዎ'ሞ፡ ምሳና እናዞራ ክጻወታኦ ከለዋ መዚቃ የሰንዩወን። ብፍላይ ኣብ ድሮ ሻድሻይ ወራር፡ (ውግእ ሕድሕድ ዝነበረሉ) ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ክሳብ ግንባር ኢኮክ ምሳና እናዞራ ደርፍታትን ድራማዊ ምርኢታትን ኣቕሪበን'የን።

**ኢንጂነር ቶምቦላ ኣስመላሽ**

ዑደት ባህላዊ ምርኢት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ኣብ ድሕሪ መስመር ጽንኩር ነይሩ። ካብ ምዕራብ ንዓላ ክንሰግር ብኸንደይ መጻብብ ኢና ሓሊፍና። ንዓላ ክንሰግር ከለና ብሰራዊት ተዓጂብና ስለ ዝሰገርና፡ ጸላኢ ኣይደፈረናን። ንምብራቕ ምስ ሰገርና'ውን ብዓሊ.ገደን ፎሮን ወፊሩ ንጉጅለ ባህልና ኣብ ከበባ ኣእትዩ ክጭፍልቃ ሃቒኑ። ግን ንድሕሪት ተመሊስና ወጺእና። እንደገና ንደቡብ (ናብ ጸሮና) ምስ ከድና ዝተወሃሃደ መጥቃዕቲ ገይሩልና ነይሩ። ብድቁሳትና ከለና ዳርጋ ኣገሪሁና ነይሩ። ግን ብርቱዕ ዝናብ ስለ ዝዘነበ፡ ኣብ ከባቢና ምስ በጽሐ ብውሕጅ ተዓጊቱ ንውሽጢ ጸሮና ክኣቱ ኣይከኣለን። መሬት ረፊዱዎ፡ ምልሻ ናትና'ውን ስለ ዝረኣዩዎ፡ ተኸሲ ክዕውተልና ኣይከኣለን።

ስለ'ዚ፡ እታ ጉጅለ ባህሊ ንድሕሪ መስመር ምድያባ፡ ጸላኢ ኣዝዩ ተረቢሹ ነይሩ። ብኣንጻሩ ህዝብና ድማ ሞራል ተሰሚዑዎ። ናብ ጸላኢ ኣዝዩ ቀረባ ኣብ ዝኾነ ከባቢታት - ኣብ ኣድማና - ምርኢት ኣብ ዘቕረብናሉ፡ ኣብ ወቐርቲ ኮይኑ ክሰምዖ ሓዲሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኑቲ ድምጺ እናሰምዐን ኑቲ ብርሃን እናተመልከተን ዝሰለመ ወተሃደር ጸላኢ ነይሩ።

ኑቲ ኣብ ትግራይ፡ ኣብ ኣድያቦ ዝነበረ ህዝብና ንምጉስጓስ'ውን ኣብ ትግራይ ዑደት ፈጺምና። ኣብኡ፡ ጓይላታት ንጉብር'ሞ፡ ጣንዴራና ኸኣ ኣብቲ ማእከል ስቴጅ ትትከል፣ እቲ ክስለፍ ዝደለየ መንእሰይ ከኣ ነታ ጣንዴራ የልዕላ። ጓይላ ክትውዳእ ከላ ኣሰማት ናይቶም ጣንዴራ ዘልዓሉ መዝጊቦካ መኪና ኣሳፊርካ ንታዕሊም ተውርዶም። ከምዚ ክንገብር ከለና ግን፡ ገለ ኣባላት ወያነ ይሕጎሱሉ ኣይነበሩን።

ድሕሪ ዑደት ትግራይ ናብ ሱዳን



ተማሃሮ ቤ/ት ሰውራ

ሰገርና። ኣብኡ'ውን ናይ ፊታሕ ኣራሕማን፡ ናይ ሱኪ - ብጉጅለታት ጀብሃ - ተጻብኦታት ኣጋጢሙና። ካብዚ ንደሓር፡ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባቡ ምስ ምጅማር ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ (1985፡) ገሊና ናብ ድፋዓት፡ ገሊኦም ናብ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ብምምዳቡ፡ ፋሕ ኢልና።

**እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዞማች)**

ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ምስ ወፍሪ ወራር ባሕሪ ነጋሽ ጸላኢ ፋሕ ምስ በለ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ብዘይ ናይ ጉጅለ ባህሊ እዩ ጸኒሑ። ብ1986 ዓ/ም፡ ብዛዕባ ምቛም ማርሽን ባንድ ከም ሓሳብ ተላዒሉ። ኣብ 1987 ከኣ ካብ ኩላተን ምግብናታት ናይቲ ቤት ትምህርቲ፡ ብዕድመ ካብ 10 ክሳብ 13 ዝበጽሑ 40 ተመሃሮ ተሓርዮም፣ ሸው'ውን ግብራዊ ኮይኑ። ኣብዚ ዝተኻተልናዮ ኣገባብ፡ ካብቲ ሲንፎኒያ ንምቛም ሓሲብና ዝፈተንናዮ ኣመራርጻ ኣዝዩ ዝተፈልየን ብዝጠቀወ ኣገባብን ኢና ገይርናዮ። ንኹላተን ብሄራት ንምውካል ኣብ ግምት ብዝኣተወ ተመሪጾም ትምህርቲ'ውን ጀሚሮም። ድሮ ቀያሕቲ ዕንባባ ፋሕ ስለ ዝበለ፡ ኣነ ቶምቦላ እውን ካብ ሓይልታት ተመሊሱ መጺኡና፣ ካብ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ድማ የናስ ወዲምኪኤል ኴንና ጀሚርናዮ።

ማዕረማዕረ'ዚ፡ ቤት ትምህርቲ መዚቃ'ውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተመስሪቱ ስለ ዝነበረ፡ ንሕና ንተመሃሮና መበገስን መጀመርታን ናይ ትምህርቲ ኣብ ላዕሊ ምስ ሃብናዮም፡ ናብ ቤት ትምህርቲ መዚቃ - ቤት ትምህርቲ ስነ ጥበብ ናብ ዝበልናዮ - ወሪድና እዚ ናይ ማርሽን ባንድ ስራሕ ኣጀሚርናዮ ማለት'ዩ።

ኣብዚ ዝለዓል ዝነበረ ቀንዲ ሕቶ፡ ናይ መሳርሒታት መዚቃ ጉዳይ እዩ። እዚኣቶም ማርሽን ባንድ እዮም፣ ማርሽን ባንድ ኸኣ፡ ከንድ'ቲ ናይ ሲንፎኒ ኦርኬስትራ ድኣ ኣይኹን'ምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ መሳርሒ መዚቃ ሒዙ ክጻወት ስለ ዘለዎ፡ ኣብዚ ኢጋጣሚ ኾይኑ፡ ብናይ ሬድ ባርና ፕሮጀክት ዝመጽአ ዕድል ተዋሂቡና። እተን ዘድልያ ጠለብ ኣቕሪሑ መዝጊብና መለእና ሰዲድናሎም። ድሕሪኡ፡ እቲ ናይ ማርሽን ባንድ መሳርሒታት፡ ምስ ምሉእ ኣቕሑቱ ዝጀምረሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

ብዙሕ ተመኩሮታት'ዩ ተደሊቡ፣ ከምቲ ዝተባህለ፡ እዞም ተመሃሮ'ዚኣቶም፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንሰለስተ ኦርባዕተ ዓመታት ዝኣክል ትምህርቲ ተዋሂቡዎም፣ መሳርሒታት መሊኾም፣ እንደገና ኤርትራ ናጻ ምስ ኮነት ከኣ፡ ብ20 ሰነ 1991 ኣብ ኣስመራ መጺኦም፡ ሓደሽ መሳርሒታት ዓጢቖም፡ ኑቲ ህዝቢ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ብናይ ማርሽን መዚቃ ክስምዑዎን ክርእዩዎን ክኢሎም። ሳላ'ቲ ውድብ ኣቐዲሙ ዝተዓለወሉ፡ እቲ በዓል ክደምቕ ክኢሉ። እቲ ወድብ ከኣ ክሳብ ክንደይ ትሕዝቶኡን መደቡን ሰፊሕ ከም ዝነበረ ክበርህ ክኢሉ።

**ኢንጂነር ቶምቦላ ኣስመላሽ**

ካብ ቅድመ ግንባር ናብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ምስ ተመለስኩ፡ ዞማች በይኑ ጸኒሑኒ፡ ከም ተሓጋጋዚ ኮይነ ድማ ምስኡ ተመደብኩ። ብዓል ደሰበለ፡ ንጉጅለታት ባህሊ ናይ ዜሮታት ኣብጋጊሶም ዝነባለኦም ኣለልዮሞም ጸኒሖምና። መን እንታይ ከም ዝኑብርን ናይ ብሄራት ውክልናን ኣጸኒዖም ጸኒሖም። ግን እቶም ቀልዑ ኣዝዮም ንኣሽቱ እዮም። ዳርጋ ብእግሪ ተኸሊም ንሜዳ ዝወጽኡ ስለ ዝነበሩ፡ ባህሊ ሕብረተሰብ ክፈልጡ ኣዝዩ ይሓጽሮም እዩ። ኣይኮነን ንሳቶም፡ ንሕና ኣብ ቀያሕቲ ዕንባባ ክንውደብ ከለና፡ ንልዕሊ 10 ዓመት ዕድመና ምስ ወለድና ኣሕሊፍናዮ እንከለና'ኳ፡ ኣፍልጦና ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብ ድኹማት ኢና ዝነበርና። ስለ'ዚ፡ እቶም ቀልዑ ከዐውቱና ኣይክእሉን'ዮም ዝብል ገምጋም ገርና። በዚ ምኽንያት፡ ናብ ማርሽን ባንድ ገጽና ብምዝንባል፡ ብሙዚቃ ጥራይ ከም ዝምዕበሉ ምግባር ተመሪጹ ነይሩ። ሰፊሕ ስልጠና ኸኣ ተዋሂቡዎም።

ካብታ ብ1985 ዝፈረሰት ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባቡ፡ ተካእቲ ተባሂሎም 10 ዝኾኑ መዚቀኛታት ዝተረፉ ኣባላት ነይሮም። ዚኣቶም፡ ደረፍትን ሳዕሳዕትን ከም ዝውሰኹዎም ተገይሩ፡ ኣብ 1987 ነታ ዝፈረሰት ጉጅለ ተኪኣ ብወግዒ ጉጅለ ባህሊ ቀይሕ። ብዙሕ ምርኢታት'ውን ተቐርብ ነይራ። ዳሕራይ ግን ከምዚ ዞማች ዝበሎ፡ እዞን መሳርሒታት መዚቃ ምስ ተረኽባ፡ ኣብ ክንዲ ካልእ ጉጅለ ባንድ ንጉብር፡ እዞም ዘለዉ ሪትራይንድ ኮይኖም፡ ኑቲ መሳርሒታት ከም ዝመልከዎ ብምግባር፡ ጉጅለ ማርሽን ባንድ ክትቀውም ተወሲኑ።

ጸቡቕ ዕድል ኮይኑ፡ ቤት ትምህርቲ መዚቃ ምሳና ስለ ዝነበረ፡ መምህራን መዚቃ ክንጥቀመሎም ዕድል ነይሩና። ንሕና'ውን በብዓቕምና ንምህር ነይርና። ዞማች ይምህር፣ ኣነ ወዲ ምኪኤል ከምኡ ነንእሽቶይ እናመሃርና፡ ኑቶም ተመሃሮ ኣብ ሓጺር እዋን ጸቡቕ ምዕባለ ከም ዘርእዩ ገይርና። ካብ ክፍሊ ታዕሊም'ውን ማንቲይ ዝተባህለ ናይ ድራም ክኢላ መጺኡና። ድራም፡ ከም ትምህርቲ ምዙቃ ምሉእ ከም ዝመሃሩዎ ተገይሩ። ናይ ኖታ ክእለት'ውን ስለ ዘማዕበሉ፡ ብዘይ ጸገም ክጻወቱዎ ክኢሎም።

ኣብ ግዜ ረፈረንዱም 1993፡ መራሕቲ ሃገራት ብወግዒ ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ጀሚሮም። ብወገንና ድማ፡ ከም ልኡላዊት ሃገር ስለ ዝተፈለጥና፡ ጉጅለ ማርሽን ባንድ፡ ኑቲ ሬድ ካርፔት ሰሮሞኒ ከም ዘለማመድዎ ገይርና። ኣብዚ ክጥቀስ ዘለዎ፡ መምህር ሻለቃ ግርማይ ሓድጉ፡ ምስ ብዓል ድምጻዊ ማሕሙድ ኣሕመድ ናይ ኢትዮጵያ ብዙሕ መዚቃ ዝሰርሐ ህቡብን ወሩይን እዩ፣ ብዓል ሻለቃ ግርማይ ብዝሃቡዎም ተወሳኺ ኣስተምህሮ፡ ኣጋይሽና ክንቅበል ክኢልናን ኣኸቲሪዖምናን። ስለ'ዚ እዛ ማርሽን ባንድ እንተዘይትህሉ፡ ዕንባባ ሂቢና ጥራይ ኢና ክንቅበል ንኽእል ነይርና ማለት እዩ።

**ጨ/ምርምርን ሰነዳን**
**ቤ/ጽ ሓ/ጠቕላሊ ስታፍ**
**ሓ/ምክልኻል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ፍቓዱ ተወልደ ሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ተስፋዝጊ ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻመዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ርስቶም ነጋሽ ኣስገዶም፡ ብዓልተ ቤተይ ንግስቲ የውሃንስ ተኽለ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻመዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቃ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

የውዲት ጸጋይ፡ ብወኪሉ፡ ንዓይ ናይ ሞግዚትነት መሰለይ ክፍቀደለይ፡ 5 ደቅና ድማ ሕጋውያን ወረስቲ ናይ ሰወአ ወላዲኦም ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የርሳሌም መንግስትኣብ ምባል ተረፉ፡ ሚሮን መንግስትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለሃይማኖት መሓሪ ተስፋጋብር ምባል ተረፉ፡ ሐጎስ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ እዝግሃርያ በየነ ዑቕባዝጊ፡ ወደይ ፊልሞን ዳዊት እድሪስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ኣብኡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሰልባና ብርሃ ኣብርሃም፡ ምባል ተረፉ፡ ሚላት ብርሃ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም ብርሃ ደብሩ፡ ወላዲተይ ዘርፍኣል ሃብተማርያም ክፍለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሚርና ኪሮስ ሰመረ ምባል ተረፉ፡ መሪና ኪሮስ ሰመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰምሃር ተኽሉ ተስፋእዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሰምሃር ተኽሉ ተኽለእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ቴድሮስ ብርሃ +1፣ ናይ ት/ዕድመ ወድና ኣኪም ቴድሮስ ብርሃ ምባል ተረፉ፡ በሩኽ ቴድሮስ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ንዕማ ሐሰን መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሓያት ሐሰን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይለ ገብረማስቀል ክንፉት ወልደገርግሽ፡ ኣዴና ዛይድ ገብረሂወት ንገሰ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋኑስ ቀሺ ብርሃ ገብረንጉስ ወለደይ ቀሺ ብርሃ ገብረንጉስን ወ/ሮ ሓጎሳ ዘርኣን ስለዝዓረፉ፡ 7 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

መርእድ ኣሰፋ ተኽሉ፡ ወኪል ደርጋኣለም ወልደገብርኤል ዓብዝጊ፡ ኣቦይ ነ/ሄር ዶ/ር ኣሰፋ ተኽለ ገሹ ብሂወት ከሎ ብዕለት 26/09/2012 ዓ/ም ሰበዋ ገይሩለይ ነይሩ። ኣብ ደቀምሓረ ብስሙ ዝተቐበሎ ጀርዲን ኣብ ዞን 4 ፕሎት 34 ፓርሰል ኤይ ስፍሓት መሬት 6000 ት/ሜ ኣብ ዞን 4 ፕሎት 34 ፓርሰል B 3400 ት/ሜትሮ ብጽሒተይ 4700 ት/ሜትሮ ብሀያብ ሂበምኒ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰለማዊት መሓሪ፡ ተኸሳሲ መሓሪ ቀሺ ወልዳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲት ሰናይት ኣብርሃ ለገሰ፡ ተኸሳሲ ጠዓመ ብርሃነማስቀል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣቶ ፍስሃጽዮን ኣብርሃም ፍስሃ ምባል ተረፉ፡ ፍስሃጽዮን ኣብርሃም ፍስሓ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ወ/ገብርኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ካሕሱ ኪዳኑ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ከሳሲት ኣበርሀት ጋዴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ልኡል ገብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ቅሳነት ተስፋማርያም፡ ኣቦይ ተስፋማርያም ፍስሃ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ገብረእንድርያስ ገብረጻድቕ ዓንደሚካኤል ምባል ተረፉ፡ እንድርያስ ገብረጻድቕ ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልደገብርኤል ክፍሎም ዑቕባሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ደስበለ ክፍሎም ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ልዋም ማጆር ኣብርሃም ምባል ተረፉ፡ ሚካል ማጆር ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ማይዳ ያሲን መሓመድ ዓሊ፡ ብዓል ቤተይ ሳልሕ ኣዳም ሮሞዳን ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ደስበለ ክብሮም ሰዩም፡ ኣደይ ዘበሽ ምሕረትኣብ ገብረሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ኣሚር መልእኽ ሃነስ ምባል ተረፉ፡ ኣሚር ማሕሙድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መንሱር ይሕደጎ መሓመድ ኑር፡ ሓወይ የዕበዮ ይሕደጎ መሓመድ ኑር ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ሓዉ ወራሲኡ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚሮን በርሀ ወልደሰላሴ፡ ት/ዕድመ ጓለይ ፊልሞዊት ሚሮን በርሀ፡ ምባል ተረፉ፡ ዲምያና ሚሮን በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናስር መሓመድ ሕሩይ ምባል ተረፉ፡ ናስር መሓመድሕሩይ ሓጂመሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኣቶ ዓብደልዓለም ኢብራሂም የሱፍ ምባል ተረፉ፡ ዓብደልሙንዓም ኢብራሂም የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ጅምዕ ዑስማን ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ጅምዕ ዕስማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሕመድ መሓመድ ሰዒድ እድሪስ፡ ምባል ተረፉ፡ ሕመድ መሓመድሰዒድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ንፈትዎ ክቡር ወላዲና ኣቶ ጸጋይ መድሓኒ (ወዲ ብላታ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ምስ ዓረፈ ኣብ ሳንዲያጎ (ኣመሪካ) ሬሳ ኣብ ምፍናው፥ ኣብ ኤርትራ ድማ፡ ሬሳ ኣብ ምቕባልን ናብ ሓድሽ ዓዲ ብጉላይ (ን/ዞባ ሰሓይቲ) ብምኻድ ብ26 ነሓሰ 2026 ኣብ ዝተፈጸመ ስነ ስርዓት ቀብሩ ብምስታፍኹ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብኣካል ይኹን ብተሌፎን ብምጽንናዕ ኣብ ጐንና ዝነበርኩም ቤተ ሰብ፡ ቤተ ክህነትን ፈተውትን፡ ክብረት ይሃበልና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ዕዙዝ ምስጋናና ነቕርብ።

ደቀምን ደቂ ደቀምን ምስ ምሉእ ስድራቤት



### ምስጋና

ኣብ መበል 16 ዓመታ ዝዓረፈት እንፈትዋ ጓልና ወ/ት ኢሊም ሚልዮን ገብረህይወት፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ክሳብ ንወጽኢ ሃገር ከይዳ ክትሕከም ልዑል ደገፍ ንዝገበርኩምልናን ብጉልበት ከይተረፈ ዝተሓባበርኩምናን፣ ምስ ዓረፈት ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን ዘቃበርኩምናን ተመላሊስኩም ዘጸናናዕኩምናን ፈተውቲ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

ስድራቤት መምህር ገብረህይወት ገብረስላሴ



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እንፍቅሮ ሓውና ኣቶ ተማስገን ገብሩይ ቀለታ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ 2ይ ቀብሪ ብኣካል ዝተሳተፍኩም፡ ካብ ውሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋል ይኹን ተመላሊስኩም ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ኣብ መበል 95 ዓመታ ዝዓረፈት ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ኢለን ወልዱ ብዓልቲ ቤቶም ንእ/ሄር መምህር ገብረህይወት ገብረስላሴ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ተመላሊስኩም ዝበጻሕኩማ፥ ምስ ዓረፈት ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን ብልዑል ክብሪ ዘቃበርኩምና፣ ኣብ ሓዘን ተመላሊስኩም ዘጸናናዕኩምናን ሰቡስልጣን መንግስቲ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ህዝብን ካብ ውሽጥን ደገን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።።

ደቃ ምስ ምሉኣት ቤተሰብ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Foreign Procurement Expeditor** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Procurement Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | - Follow-up all PO's with suppliers and update the ETA in master sheet and inform the end users about the ETD/ETA for their PO's.<br>- Monitor all PO's daily and follow up and expedite their delivery status. |
| **Duties:** | - Liaise suppliers, end users, warehouse, and other parties to streamline supply chain process.<br>- Maintain constant contact with vendors while deliveries are in route.<br>- Contact suppliers to obtain current order delivery information for shopping schedules or documents.<br>- Obtain documents timely from the suppliers in agreement with the PO and promised terms.<br>- Evaluate vendor schedules and works with vendors to ensure that all schedule date commitments are met and maintained.<br>- Provide feedback information on vendors performance.<br>- Address warehouse report in case of discrepancies to relay info up to suppliers.<br>- Expedite delays order, short receipts and feedback orders thereby contacting the above stated parties.<br>- Tacking consignments through depots to make sure they arrive at their destination safely & on time.<br>• Monitoring stock levels<br>Assess stock levels and critical items by instigating buyers for an action.<br>• Monitor flow of materials along supply chain lines.<br>1. Monitor the source and lead time, by ensuring stable supply is maintained.<br>2. Monitor supply chain from the inception i.e., materials requestion all down the line up to issuance of the material to end users.<br>3. Assess quality complaints from end users and contact supplier for correction.<br>4. Obtain required data elements from the vendor & provide to the logistics coordinator for custom clearance and transportation.<br>5. Closely working with logistics & expediting the custom & transportation process.<br>6. Inform/report any delay in receiving information/products from the vendor or any delay from logistics.<br>• Maintain updated order information system, ensure processes are documented (master sheet).<br>1. Update cargo track records on master sheet.<br>2. Coordinate, inspect and control local purchase coordinator & logistics coordinator to update master sheet.<br>3. Update end users' cargo whereabout.<br>• Support purchasing unit when needed. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - BA Degree in Management, Marketing, Economics Accounting, or other related fields. |
| **Work related experience** | • 2 years' work experience in related fields or procurement. |
| **Nature & Length of time** | - Indefinite |
| **Other skills and abilities** | - Fluent in English.<br>- Good knowledge in computer, (specially Excel),<br>- Must have good communication skills & ability to work in stressful conditions. |
| **Unique Requirements / Other Information** | - Must have a strong safety ethic and the ability to positively promote safety.<br>- Demonstrate application of continuous improvement ideas<br>- Ability to communicate effectively across all levels |
| **Salary: According to Company's salary scale.** | |
| **Place of work: Zara Mining Share Company, Koka Gold Mine, Koka Gash Braka** | |
| **Additional Requirement for nationals**: Additional Requirement for nationals: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence and a support letter from reserve Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender. | |
| **Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs **P.O. Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272** | |
| **Please mail your applications to: Zara Mining Share Company, P.O. Box 2393 Asmara** | |
| Deadline for application: **10** days from the day of advertised. | |

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

# Letter of Invitation for RFQ (Request for Quotation)

Massawa, Eritrea
**07th Oct 2026**

**Re: Provision of consumables, materials and reference Standards for the national fish quality laboratory**
**Ref No: ERI-2000003988-0006-G-IS**

1. The Ministry of Marine Resources of the State of Eritrea has received from the International Fund for Agricultural Development ("the Fund" or "IFAD") towards the cost of Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP) ("the client" or "procuring entity"), and intends to apply part of this financing to the purchase for which this request for quotations (IS) is issued. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP).

2. The Sustainable Fisheries and Livelihoods Programme (SFLP) seek to contribute to improved livelihoods, food security, nutrition, increased climate resilience and reduced poverty among rural poor households". The Development Objective is "Enhance sustainable fisheries resources development and ecosystem conservation, increase resilience to climate change and improve beneficiaries' livelihoods, putting emphasis on nutrition, income and food security". The Program is estimated to cost US$ 32.2M over a 10-year implementation period. It will be funded by IFAD contributing US$ 15.3M (48%), with co-financing from GoSE at US$ 6.9M (21%) and the Global Environment Facility (GEF) at US$ 10.0M (31%).

3. This procurement is based on the international shopping method as laid out in the IFAD Procurement Handbook that can be accessed via the IFAD website at www.ifad.org/project-procurement.

4. All bidders are required to comply with the Revised IFAD Policy on Preventing Fraud and Corruption in its Activities and Operations (hereinafter, "IFAD's Anticorruption Policy") while competing for, or in executing, the contract.

5. This RFQ follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website **25/06/2026 and a national newspaper Eritrean Profile on 18/09/2026.**

6. The purchaser now invites sealed RFQ from eligible entities ("bidders") ***Provision of consumables, materials and reference Standards for the national fish quality laboratory***. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in the RFQ.

7. The goods and related services, and the contract expected to be awarded, are divided into the following lots:
   a. **Lot 1 (One):** FOOD MIICROBIOLOGICAL CULTURE MEDIA
   b. **Lot 2 (Two):** LABORATORY CHEMICAL REAGENTS, SOLVENTS AND STANDARDS
   c. **Lot 3 (Three).** LABORATORY EQUIPMENT AND MATERIALS

8. ***Bidders can quote for and win one or more lots***. Bidders must quote for all the items within a lot, and for all quantities within an item. A partial quote will not be accepted. If a quotation shows items listed but not priced, their prices shall be assumed to be included in the prices of other items. An item not listed in the quotation shall be assumed not to be included in the quotation.

9. **Clarification**. Any request for clarification on this RFQ should be sent via e-mail to the address below no later than **03rd November 2026 10:30am local time**. Requests for clarification received after this deadline may not be considered.

10. Quotations must be delivered to the address below and the deadline for receipt of your quotation is **11th November, 2026 at 10:30 AM. Eritrea Local Time.**

11. *The State of Eritrea*

*Ministry of Marine Resources (MMR)*
*Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP)*
*Address: Ministry of Marine Resources Headquarter (Hirgigo Street)*
*Tele: 291-1-541329|| 540827||fax 291-1-540081|/P.O.Box: 27*
*E-mail: samuel.b@mmreri.org*
*Cc: atakIti.n@mmreri.org*
*Massawa, Eritrea*

Yours sincerely,

Samuel Brhane
Assistant Procurement Specialist and Contract Manager |
Sustainable Fisheries Livelihood Programme (SFLP)
Ministry of Marine Resources
E-mail: samuel.b@mmreri.org
Tele: 291-1-541239/540827| fax 291-1-540081|Cell phone: 291-7730214|
P.O.Box: 27
Massawa, Eritrea

# Notice

Notice is hereby given to the public that Land Energy Group (China) Limited by written resolution in lieu of a directors' meeting in accordance with section 549 of the companies' ordinance (Chapter 622 of the law of Hong Kong) appoint Mr. Zhang Jiechao to be the new representative and General Manager and Licence holder of Eritrea office in replacement of Mr. Yan Dechao.

Land Energy Group (China) Limited

## ናይ ስራሕ ምልክታ

ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ኣብ ጨንፈር ኦሮታ ሆስፒታልን፣ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይ ስራሕ መደብ ስራሕተኛታት ክቖጽር ስለ ዝደለየ፡ ነዚ ተሓቢሩ ዘሎ ስራሕ ዘማልኡ ደለይቲ፣ ዘለዎም ዶክመንት ሒዞም ክወዳደሩ ክምዝገቡ ንሕብር።

1. መደብ ስራሕ፦ ናይ ሕሳብ ዳታ መዝገቢ (Accounting Clerk)

ቦታ ስራሕ፦ ኣብ ሮራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት
ደረጃ ትምህርቲ፦ 12 ዝወደአ/ት
ናይ ስራሕ ተሞክሮ፦ ምልከት ኮምፕዩተርን ቢዚ ስራሕ ናይ 2 ዓመት ተሞክሮን ዘለዎም
ብዝሒ፦ 2

2. መደብ ስራሕ ናይ ክፍሊ ካርድ ጸሓፊ

ቦታ ስራሕ፦ ኣብ ጨንፈር ሮራ ኦሮታ ሆስፒታል
ደረጃ ትምህርቲ፦ 12 ዝወደአ/ት
ናይ ስራሕ ተሞክሮ፦ ምልከት ኮምፕዩተር ዘለዎም
ብዝሒ፦ 4

3. መደብ ስራሕ ናይ ዕለት ኣካቢት ገንዘብ

ቦታ ስራሕ፦ ኣብ ጨንፈር ሮራ ኦሮታ ሆስፒታል
ደረጃ ትምህርቲ፦ 12 ዝወደአ/ት
ናይ ስራሕ ተሞክሮ፦ 1 ዓመት ተሞክሮን ዋሕስ ከቕርብ/ከተቕርብ ዝኽእል/ትኽእል
ብዝሒ፦ 1
ሓፈሻዊ ሓበሬታ፦ ደሞዝ - ብናይ ትካል ስኬል
ኣመልከትቲ ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎቶ ናጻ ምዃኖም ዘረጋግጽ ዶክመንት ክቕርቡ ኣለዎም።
ኣመልከትቲ፡ ኣለና ዝብልዎ ዶክመንት ሒዞም እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ክምዝገቡ ይኽእሉ።
ናይ ምዝገባ ቦታ፦ ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና
ኣድራሻ፦ ዞባ ማእከል ጸጸራት ጥቓ ቅዱስ ሚካኤል ቤተክርስትያን ጎድኒ የመን ኤምባሲ

# ገለ ካብ ጽባቐታት መጽሓፍ “እንታይ ይሓይሽ፧”

ደስበለ ተኽለ ተስፋማርያም

## መእተዊ

ከም ኣንበብትን ከም ኣባላት ሕብረተሰብን፡ ጸሓፍትና ክሰድንቑና ይግባእ እዩ፣ ምኽንያቱ ውሑዳት ዘይብሃሉ፥ ንፉዓት ስነጥበበኛታትን ተመራመርትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓውዲ ስነጽሑፍ ስለዘለውናን ስለንውንንን።

በዚ ኣጋጣሚ እዚ ምምራቕ መጽሓፍ እኩብ ግጥምታት ዝሓዘት ‘እንታይ ይሓይሽ’ ድማ መለስ ምስ ጽባቐታት ግጥምታቱ ድሕሪ ክንደይ ተመሊሱ ክብል እደፍርዩ።

እቲ ዝገረመኒን ዝሓዘንን ናይዛ መጽሓፍ፥ ካብቲ ገበር፡ እቲ ኣርእስቲ፣ ካብቲ ኣርእስቲ’ውን እቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ግጥምታት ጥራይ ዘይብሃሉ ማእለማ ሓሳባት ብመልክዕ ግጥምታት ዝተጠቐመሎም ዝተፈላለዩ ባእታታት ጥበብ እዩ። ሓቂዩ፡ መለስ ዘይከም ቀደሙ፡ ካብ ኣርእስቲ እዩ ጥበቡ ጀሚሩ - “እንታይ ይሓይሽ፧” ኪንኡ ድማ ኣብ ውሽጢ፡ ፍልይ ዝበለ ዛዕባታትን ሓሳባትን ዝሃዘውን ዘውሕዙን ዝጭንገዑን እዩ ቀጺጽዎ። ገለ ካብኣቶም ድማ፡ ሓይሊ ትዕዝብቲ፡ መንጽር ዛንታ፡ ምርዓምን ምጽላውን ምልላይ ምስ ኣህጉራውያን ጽሑፋት ካልኦትን እዮም።

እዚ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ንኣንበብቲ ዘሳትፍን ዝምርምርን ዓይነት ኣርእስቲ፡ ኣብ ስነጽሑፍ ከም ተክኢክ “ኣናፎራ” እዩ ዝበሃል። ገጣሚ ከም ኣብ ብዙሓት ስርሓቱ ዝረኸቦን ዝሕንሰሉን “ሓይሊ ትዕዝብቲታቱ” እዩ።

ዓርኮብኮባይ ሓንቲ ካብኣተን እያ። እዛ ግጥሚ ምስታ ‘እንስሳ ዘገዳም’ ትብል ክትነጻጸር ከላ፡ ኣብ ገለ ዋላኳ ተጻራርኒት እንተኣቐመጠት፡ ካብዚኣ ኣንባቢ ዝርድኦ ገጣሚ ሻራ ዘይሓዘ ምዃኑ እዩ። እዚ ድማ እቲ ኀሊሑ ዝረአ ጽባቐ ምብልክዎ። ከምዚኣ ዝኣመሰላ ግጥምታት ኣብዛ መጽሓፍ ልዕሊ 20 ኣለዋ። እዚ ሓይሊ ትዕዝብቲ ገጣማይ ኣዝዩ እዩ ዝዓጅብኒ። ኑቶም ዝሃጸዎም ቀንዲ ጠባያት፡ ንገሊኦም ኪዱ፡ ንገሊኦም ንዑ እናበለ ክሳብ ሕጂ ይጽውዕን ካብ ናብ እናኣመላለሰ እንታይ ይሓይሽ ይብሎምን ኣሎ። ምስ ተፈጥሮ ዘለዎ ምትእስሳር ኣዝዩ እዩ ዝፍ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ምስ ዘውሕዞን ዝጥቀመሉን መረጻ ቃላትን ክፍትሾ ከለኹ፡ ከምቲ ናይ ብዓል William Wordsworth “The Daffodils” ከም ናይ ጆን ኪትስ’ውን “The Nightingale” ከምኡ’ውን ናይ ሪቦርት ፍሮስት “Standing by the Woods on a Snowy Evening” የማሳስሎ። መብዘሕትኦም እዞም ዝገለጽክዎም ኣብ ታሪኽ ስነጽሑፍ ኣብ Romantic Poets ዝበሃሉ እዮም። እዚ ገጣሚ ድማ በዚ መንጽር ምስ እዚኣቶም ሓቢሩ ኣሰራቶም ዝኸተል ዘሎ እዩ። ንተፈጥሮ ዘለዎ ኣናብቦን ኣረዳድኣን ማዕረ ክንደይ ምዃኑ የረድእ። ከምዚ እዩ ግጥሚ ማለት! ግጥሚ እካብ ናዕታን ረምታን ጥራይ ኣይኮነን - ግጥሚ ሓሳባት እውን እዩ።

ካልእ ዝያዳ ዘሰትብሃልኩሉ ኣብዛ መጽሓፍ፡ ካብዞም 80 ግጥምታት፡ ገጣማይ ዝተጠቐመሉ መንጽር ዛንታ እዩ። እዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ባእታ ኣብ ስነግጥሚ እዩ፣ ገጣሚ፡ ንሰለስቲኡ ዓይነታት መንጽር ዛንታ ተጠቒምሉ ኣሎ። ቀዳማይ፡ ካልኣይን ሳልሳይን፣ እዚ ኣብዛ መጽሓፍ ኑቲ ኩሉ ሕብርታት ኣዘናትዋ ስለተካትት፡ ሃብታም ይገብራ። ዝያዳ ግን ገጣማይ፡ ናብ እቲ ቀዳማይ ኣካል ነጋሪ ገይሩ እዩ ሃንዘዩዋን ካብ ናብ ዘወስደናን። እዚ ዓይነት ሚላ ብልጫኡ ብዙሕ እዩ፣

ካብቲ ኩሉ ገለ ከም ኣብነት፡

- ኣንበብቲ ዝያዳ ከም ዝፈትውዎን ዝርድእዎን ይገብር
- ኣንበብቲ’ውን ምስ ኑብሶም ከም ዘዕልሉ ወይ ዝዛረቡ ዘለዉ ገይሮም ስለዘቖርጽዎ፡ ፍቱው ይገብሮ።
- ብድምሩ፡ እዛ መጽሓፍ ዝያዳ ተነባቢት ክምዝህልዋ የኽእል።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ገጣሚ ሓያል ሚላ መሪጹ፡ ውሕሉል ጥበቡ ኣርእዩ ከም ዘሎ እምስክረሉ።

እቲ ሳልሳይ ኣካል ነጋሪ ጌርካ ምቕራብ ድማ ዘውቱር ሚላ ናይ ብዙሓት ጸሓፍቲ ዋላ’ኳ እንተብልናዮ፡

- ዝያዳ ገጠምቲ ብልሖም ዘርእዩሉን ፍልስፍናዊ ኣጠማምታኦም ዘንጸባርቑሉን ምዃኑ፡ ብኣንበብቲ ዝያዳ ቅቡል ሚላ ኣነጋግራን ኣዘናትዋን ሓሳባት እዩ፣

- ብዘይ ንሱ’ውን credibility ዘዕዝዝ ብምዃኑ ናብ ፍጹም ተኣማንነት ዘሰጋግር ስለዝኾነ፡ መለስ ተመሊሱ ዝብል ዘሎ ምኽንያት ሓደ እዚ እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብታ ‘ዘሎ እዩ ዝህሉ’ እትብል ሓያል ኣድናቖት ዝረኸበት ቀዳመይቲ መጽሓፉ፡ ከምዚ ዝበለ ኣገባብ ኣተኣታትዋ ስለዝመረጸ እዩ ዕውት ኮይና ዝብል ኣፈናዊ ምርምራተይ እዩ። “ኣርማደዮና፡ ሰዶ እባ ደኣ” እንተ ርኢናዮን ናይዚ ሚላ ኣተሃናንጻ ዝወሃና እዮን።

ኣብዛ መጽሓፍ በዚ ዓይነት ሚላ ዝሃብተማን ዝተነድቃን ብዙሓት ኣለዋ።

ካብዚ ንላዕሊ እቲ ብዙሕ ብገጠምትን ጸሓፍትን ዘይልመድን ዘይትግበርን ግን ኣዝዩ ዓብይቲ ስነጥበበኛታት ዘዘውትርዎ፡ ካልኣይ መንጽር ዛንታ እዩ፣ እዚ ገጣሚ ናይዛ መጽሓፍ፡ ነዚ’ውን ኣይነሓፎን። እዚ ዓይነት እዚ፡ ፊት ንፊት ምስ ዘልዓሎ ኣርእስቲ ብኣካል ፊት ንፊት ዝጉበሮ ዝርርብ ጥራይ ዘይኮነ ግጥም እዩ። ግጥሚ ግጥም እዩ!

- እዚ ተኾታኺ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣቓልቦ መንጣሊ፡ መዳሪ መን ረቲዑ መን ሰዓረ ወይ’ውን ክበድቲ ሓሳባትን ፍልስፍናታትን እተማሓላልፈሉ ሚላ ኣዘናትዋ እዩ።

- ኣብዚ ዓይነት ሚላ እዚ፡ ገጣሚ ውካለታት ወሲዱ፡ ገዚፍ ሓሳባት የፈልፍል።

- በዚ ሚላ ገይሩ፡ ይንድር፡ ይግዕር፡ ይምዕድ፡ ይግስጽ፡ ይበኪ፡ ይስሕቕ፡ ወይ’ውን ይጸርፍን ይዝልፍን።

ስነጽሑፍ ድማ ንኻው ነጀው ክህልዎ ኣለዎ። ከምኡ ስለዝኾነ እዚ ገጣሚ ነዚ ዝፈልጥ ምዃኑ ብዝርድኦን ዘይርድኦን ባእታታት ኣሰፊርዎ ኣሎ። ኣብ ዝቐጽል፡ መን ይፈልጥ ብዓንቀጻት፡ ፊልምታት ወይ’ውን ካልእ ሐዙ ይቕልቀል ይኸውን። እዚ ዓይነት ኣፈታትላን ኣተኣላልማን ምስቲ ኣብ ገበር ዘሎ ድማ ተጣዓዒሙ ይሳነ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ስነጽሑፍ፡ ብፍላይ ስነግጥሚ ምፍታልን ምእላምን እዩ ከምታ ኣብዚ ገበር ዘላ፡ ጽብቐቲ ጓል ኣፍሪቃ ዝኾነት ቅብኣ፣ ወክልና ናይ ብዙሕ እያ። ገጣሚ፡ ሓሳባት ቀወምቲ ኣይኮኑን፣ ሓሳባት ብሓሳባት እዮም ክፈርሱን ክህነጹን ዘለዎም ዝብለካ እመስል። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ገጣማይ ቃላት ዘይኮነ ሓሳባት እዩ ዝገጥም ዘሎ።

ኣብ ጽሑፍ ደው ምባል ከምዘየዋጽእን ከምዝይክኣልን ዘፍኣመ ገጣሚ፡ ንኩብረሉ ክብቢና ጸዋሪ ብዙሕ ጸሓፊ ዝደሊ ምዃኑ ኣንፊቱ ኣሎ። ክብቢ ብዙሓት ዝትርጎሙን መቐረት ዝህቡን ዛዕባታት ከምዝመልእዎ በታ “ውሓዚት” እትብል ግጥሙ ኣርእዩና ኣሎ።

ግን ገጣሚ፡ ኑቲ ሓሳባቱ፡ ዝርድኡሉ ይውሕዱኒ ኣለዉ ዝብል ዘሎ ድማ ይመስል እዩ፡ ኣብ ገለ ምስ ቁጠባን ኣብርኩቶን ገጣሚ ኣነጻጺሩ፡ ክንዲ ድኻሙ መልሰ ተግባር ይረክብ ከምዘየለ፡ ኣነጺሩ ኣብቲ ዳሕረዋይ ገበር’ውን ኮፍ ኣቢልዎ ኣሎ። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ውሽጢ! “ገጣማይ ስሙ ሰማይ ድራሩ ማይ” እኳ ኢልዎ። ካብኡ ሓሊፉ’ውን ኣብታ ውሉደይ ትብል ግጥሚ እውን ኣተንቢሁ’ሎ።

ኣብዚ መጽሓፍ እኩባት ግጥምታት ጣዕሳ ኣሎ፡ ዝንተዋ ኣሎ፣ ምስላ ኣይተረፈን፡ ምውካእ ኣይተናሕፈን፡ ዋዛ ኣይተገድፈን፣ ዋጫ ኣይሰኣነን። ልዕሊ ኩሉ ድማ ገጣሚ፡ ጸወታ ቃላት እናተጠቐመ፡ ኣወዳዲኑ፡ ኣነጻጺሩ፡ ኣጊኑ፡ ይቓኒ ኣሎ።

ኑቲ ካብ ኣበዋትን ባህልናን ዝውረስ ከም ኣዝማሪ፡ ወየ ወየ፡ ጸንጸዋይ፡ ዋራ መሰቀራ ዝበሃሉ ኣፋዊ ስነጽሑፋት መዝሚዙ ናብ ጽሑፍ ምስ ሓሳቡ ከምዘሳነ ገይሩ ኣቕሪብዎም ኣሎ፣ እዚ ዓይነት ብልሕን ክእለትን ብዓይኒ ስነጽሑፍ፡ ዓለምለኻዊ ንምግባር ዓሊሙ ወይ ድማ internationalizing ዝበሃል ባእታ ናይ ስነጽሑፍ ምኽታት ንመጽሓፍን ጸሓፍን ዋጋ የወሃብዎ።

በንጻር እዚ ድማ ካብ ደገ ወይ ወጻኢ ናብ ናይ ዓድኻ ምስራጽ localizing ምርዓም’ውን እቲ ካልእ ጽባቐ ፍረ ገጽ ናይዛ መጽሓፍ ኮይኑ ረኺበዮ። ምስ እዚ ዝተኣሳሰረ’ውን ገጣሚ ኣብ መጽሓፉ፡ ካብ ዝተፈላለዩ፡ ሃይማኖታዊ ኣምራት፡ ታሪኻዊ ክስተታት ተበጊሱ፡ ቀንዲ ጠባያት ናይ ስሙያት ጸሓፍቲ ዓለም፡ ወሲዱን ኣልዒሉን፡ ኑቲ ኣብ ስነጽሑፍ Intertextuality ንብሎ ኣብ ማእከል ግጥምታት ናይዛ መጽሓፍ



ኣእትይዎም ይርከቡ፡ እዚ ድማ ብቐዓት ገጣምን ኣናብብኡን ፈታሺ ሓይሉን ምዃኑ የረድኣካ፡ ናይ ካልኣት ኣንቢብኩ፡ ሓሳባት ኣዕሚቕካ፡ ምስ ግጥሚ ምርኻብ ባህ ከምዝብለካን ከምዝብርሆን ኣብ ክልተ ሰለስተ ግጥምታቱ ኮፍ ኢሉ ኣሎ። እዞም ግጥምታት ገሊኦም ድማ ክፈግኡኻ ዝደልዩ ክመስሉ ሕራሃን ሕርቃንን ዘለዎም ኣለዉ። ብፍላይ እታ፡ “ወዲ ፈንቅል” እትብል ግጥሙ።

ኣቱም ኣሕዋተይን ኣሓተይን እዚ ገጣማይን ግጥሙን ብዙሕ እዩ ዝብል፡ ኣነ ድማ ንኹሉ በቡሓደ ኣልዒለ ምስትምቓረይ ኮነፍል፡ ኣይክእልንየ፡ ዝተረፈ ናባኹምን ንዓኹምን ይኹን፡ ዓድግዎ፡ መጽሓፍ ጥራይ ከይመስለኩም ሓሳባት እዩ ቀጺጽዎ።

እንቋዕ ተመለስካ ኣታ ገጣሚ፡ እንቋዕ ሓጎሰካ መለስ ንጉሰ፡ እዚ ካልኣይ ጃሮ፡ ናብ ሳልሳይ የብሎ!




መጽሓፍ እንታይ ይሓይሽ

## ዓርኮብኮባይ

ግርማስ ኤርካ ግርማ ከተማ
ጽላል ጽቡቓት ደው ዝበለ
ግርማ
ብዓል ዳንጋ ጎተና ዱር
ብደው ውዒልካ ትሓድር
ንኣዳም ገረሞ ተጸማሚ
ማርሞ
ሓጨጭታ መኻይን
ትጸመሞ
ደርጋዕታ ሰኽራማት
ትጸመሞ!
ክብርኻ’ኸ’ሞ’ታ ክብሪ
በረኻ
ከመይ ኢልካ ትጠልም
ንጋሽ ባርካ፤
ናብቲ ሩባኸ ዘየሳፍሕ
ሱርካ
ማይ ቦጥ ካብ ትቃጸጽ ምስ
ሽባኻ፤
ዓርኮብኮባይ ኣንታ ዓቢ
ገረብ
ኣሻሪኻ ኮንካዶ ዓርኪ ሰብ፤
ውፈር ንበረኻ ሓሉ ስቡሕ
መሬት
ማዕድን ከይብሕጉግ ምስ
ውሕጅ ከይሰደድ
መፍቶ ንፋስ ከይንኸውን
መፍቶ
መፍቶ ውሕጅ ከይንኸውን
መፍቶ
ናብራ ከተማ ኣይትልመዶ
ዓርኮብኮባይ ወዲ
ኮሚሽታቶ!

መለስ ንጉሰ

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 14:45 | ጩራ ጥዕና |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ |
| 19:20 | እትመት |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | ገለብ ደሓን - ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዕላል ምስ ተዋሳእቲ ብዛዕባ ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ህድኣት ኣብ እዋን ዕግርግር



ዜና ንከታተልዶ፧ ድሕሪኡ እንታይ ንሓሳብ፧ እንታይከ ይስምዓና፧ እዛ ዓለምና ድሓን ኣላዶ ንብል ወይስ...፧ ኲናት፡ ተላባዒ ሕማም፡ ድርቂ፡ ዕልቕልቕ ማይ፡ ባርዕ ሓዊ፡ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ወዘተ፡ ተበራርዩ ክኸሰት ካብ ዝጅምር ነዊሕ ግዜ ኣቑጺሩ ኣሎ። በዚ ኲነታት ከኣ ኣተሓሳስባናን ስምዒትናን ብኣሉታ ክጽሎን ሳዕቤኑ እናበረኸ ክኸይድን ይረአ ኣሎ። መራኸቢ ብዙሓን ነዚ ኲነታት ኣብ ምግናንን ጽልዋኡ ኣብ ምርባሕን ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ደሚርካ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሰንኪ ኣከባብያዊ፡ ማሕበረ ቍጠባውን ፖለቲካውን ዘይርጉእነት፡ ስነ ኣእምሮኡ ብኣሉታ ዘይተጸልወ ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ዕግርግር ስለ ዝጸላእካዮ ዝጠፍእ ኲነት ኣይኮነን። ሰብ ንኽነብር ምስ ካልኦት ፍጡራትን ኣከባቢኡን ዝምድና ክምስርት የገድሶ'ዩ። ኣብ ዓለምና እንርእዮ ዘሎና ኲሉ ዕግርግርን ግጭትን ንቡር እዩ'ኳ እንተ ዘይበልና፣ ዝምድናን ርክባትን ክሳብ ዘሎ፡ ዕግርግርን ግጭትን ከጓንፍ ንቡር እዩ። ዕግርግር ንቡር ኲነት እንተኾይኑ ንምንታይ ደኣ ንጸልኦ፧

ብዘይካ'ቶም ካብ ዕግርግር ዝኸስቡ ውሑዳት ኣካላት ገዲፍና፡ ዝበዝሐ ንቡር ህይወት ካብ ዝመርሕ ሰብን ሕብረተሰብን ዕግርግር ዝፈቱ የለን። እቲ ካብ ዕግርግር ዝጥቀም'ውን ሳዕቤን እቲ ዕግርግር ኣብ ውልቃዊ ህይወቱ ምስ ዝጸልዎ፡ ከወግዶ'ዩ ዝመርጽ። ዕግርግር ክንጸልኦ ዝግድደና ምኽንያት ምስ ተፈጥሮና ዝተሓሓዘ እዩ። ቀዳማይ ምኽንያት፡ ፍልቀታዊ እዩ። እቲ ኣብ ነዊሕ እዋን ዝኸሰት ዕግርግር ገዲፍካ፡ ንነዊሕ ዘመናት፡ ህይወት ደቂ ሰብ ኣብ ርጉእ ሃዋህው እዩ ሓሊፉ። እቲ ሓሓሊፉ ኣብ ነዊሕ እዋን ዝኸሰት ዕግርግር ከኣ ነቲ ሰብ ለሚድዎ ዝጸንሐ ርግኣትን ተገማቲ ጉዕዞን ስለ ዝጽይቖን ነቲ ዘጋጠመ ሓድሽ ኲነታት ክንለማመድ ካልእ ጻዕሪ ስለ ዝሓተናን ኣይፍተወናን'ዩ። ካልኣይ ምኽንያት፡ 'ፍርሒ ናይ ዘይንፈልጦ መጻኢ' እዩ፣ ዕግርግር ነቲ ኣብ ነዊሕ እዋን ዘጥረናዮ 'መጻኢ ናይ ምግማት' ዕድልና ወይ ተኽእሎ ናይ ምዝራግ ሓይሊ ኣሎዎ። ንኣብነት፥ ንነዊሕ እዋን ኣብ ግዜ ክረምቲ ዝናብ ስለዝሃረመ፡ ክረምቲ ኲሉ ናይ ማሕረስ ንጥፈታት ክሰላሰል ኢና እንጽበ። እቲ ኣብ ከተማ ዘሎ ከኣ ማይ ኣዕቍሩ ክጥቀም ከም መደብ ሒዝዎ ይጸንሕ። ሎሚ ዓመት ግን ዝናብ ከምቲ ዝድለ ኣይነበረን፣ ብፍላይ ኣብ ዞባ ማእከል ክረምቲ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል። እዚ ናይ ኲነታት ኣየር ዕግርግር፡ ንኹሉ ሰብ እዩ ኣፍርሒዎ። ብቐንዱ እዚ ዕግርግር ከኸትሎ ዝኽእል ለውጢ ክግምቶ ስለ ዘይክእል እዩ።

ሳልሳይ፡ ባዮሎጅያዊ ምኽንያት እዩ። ዕግርግር ክፍጠር እንከሎ ኣእምሮና ንኣካላትና ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ይሰደሉ እዩ። እዚ ብመገዲ ሆርሞናት ዝሰደድ መልእኽቲ'ዚ፡ ምቹእነት ዘይፈጥር ስምዒታት (ፍርሒ፡ ምጥርጣር፡ ጸቕጢ፡ ወዘተ) ከም ዝስምዓና ይገብር። እዞም ስምዒታት ክስምዑና ዘይንደልዮም ስምዒታት ስለዝኾኑ፡ ነዚ ስምዒት ጠንቂ ዝኾነ ኲነታት ንጸልኦ ማለት እዩ። ንኣብነት፥ ተመን ዘፍርሖ ሰብ፡ "ተመን ኣይፈቱን'የ፡" እዩ ዝብል እምበር "ተመን የፍርሓኒ እዩ፡" ኣይብልን። እቲ ራብዓይ ምኽንያት፡ ኣእምሮኣዊ እዩ። ኣእምሮና ብቕልጡፍ ክመሃርን ክዝክርን እንተኾይኑ ተደጋጋሚ ስሩዕ ኲነታት ክረክብ ኣሎዎ። ኲሉ ብተደጋጋሚ እንገዮ ነገር ትሕተ ንቕሕ እዩ ዝሰርሖ። ስለዚ ኣእምሮና ብተደጋጋሚ ክሓስብን ክዝክርን ኣየድልዮን። ዕግርግር ምስ ዝፍጠር ግን ኣእምሮና ናብ ስራሕ እዩ ዝኣቱ። ነቲ ኲነታት ኣብ ስሩዕ መስመር ኣእቲዩ ስራሑ ናብ ትሕተ ንቑሕ ክሳብ ዘሰጋግር ከኣ ካብ ስራሕ ደው ኣይብልን። በዚ ምኽንያት ከኣ እዩ ኣእምሮና ዕግርግር ዝጸልእ። ዕግርግር ንኣእምሮና ዘይተመደበ ስራሕ እዩ።

## ምሕደራ ጸቕጢ ኣብ እዋን ዕግርግር

ጽልዋ ዕግርግር ኣብ ምሕደራ ጸቕጢ እዩ ዝምርኮስ። እቶም ጸቕጢ ዝጻወሩ ሰባት ብዕግርግር ኣይስንብዱን እዮም። ዕግርግር ክንዲ ዝዘረገ ይዝረግ፡ ብህድኣት ክሓስቡን ክውስኑን ይኽእሉ። እዚ ክእለት ወይ ብቕዓት'ዚ ክትዛረበሉ ቀሊል ዝመስል ንኽተማዕብሎ ግን ኣዝዩ ከቢድ ጻዕሪ ዝሓትት'ዩ። ኣብ ዕግርግርን ዘይርጉእ ኲነታትን ዝኹስኮስ ብቕዓት ምስ ምኹኡ ከኣ ነቲ መስርሕ ክብደት ይውስኽሉ። ዕግርግር፡ ንሓደ ወይ ውሱን ሰብ ወይ ነገር ጥራይ ጸልዩ ዝእለ ኲነት ኣይኮነን። ዕግርግር፡ ብስሩዕ ክኸይድ ዝጸንሐ መስርሕ ስለ ዝዘርግ ብዙሓት ኣካላት ብኣሉታ ክጸሉ ይኽእል። ጽልዋኡ ኣብ ምምሕዳር ከኣ ብተመሳሳሊ፡ ኣበርክቶ ብርክት ዝበሉ ኣካላት የድሊ። በብደረጃኡ ፍታሕ ምስ ዝመጽእ ከኣ ዝሓሸን ዘላቕን ውጽኢት ክርከብ ይከኣል። ገለ ካብቲ በብደረጃኡ ክግበር ዝኽእል ሜላታት፤

### ውልቀ ሰብ

ዕግርግር ኣብ ዘጓንፈሉ እዋን እንገብሮም ነገራት ኣብ ትሕቲ ቍጽጽርና ምኳኑ ምእማን ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ምሕደራ ጸቕጢ እዩ። ብዛዕባ ኣጓኒፉ ዘሎ ኲነታት ምናልባት ክንፈልጥ ግዜ የድልየና ይኸውን እዩ፣ ብዛዕባ ነብስና ክንፈልጥን ከነጽንዕን ግን ኣጋጣሚ ክንጽበየሉ ኣየድልን። ብዛዕባ ነብስና ዝያዳ ብዝፈለጥና፡ ዝያዳ ርእሰ ተኣማንነት ከነዕቢ ንኽእል። ርእሰ ተኣማንነት ንኹሉ መፍትሒ እዩ'ኳ እንተ ዘይበልና፡ ስምዒትና (ብፍላይ ፍርሒና) ንምቁጽጻር ይሕግዘና። ስለዚ ብውልቅና፡ ነብሰ ኣምርና ክነዕቢ፡ ስምዒት ናይ ምቍጽጻር ዓቕምና ክነብርኽ፡ ብኣድህቦ ክንውስን ምስ እንኽእል፡ ኣብ ግዜ ዕግርግር ብህድኣትን ክንሓስብን ክንውስን የኽእለና።

### ኮም

ኣብ ሕብረተሰብና "ምስ ሰብካ መዓት ዳርጋ ገዓት፡" ዝበሃል ብሂል ኣሎ። ብሓባር ኴንካ ዝግበር ቃልሲ ካብቲ ብውልቕኻ ዝግበር ቃልሲ ዝቐለለ እዩ። ካብ ብዙሕ ሰብ፡ ብዙሕ ተመኵሮን መፍትሕን ክርከብ ይከኣል። ናይ ምብህሃልን ምምኻርን ዕድላት ስለ ዝፈጥር ከኣ ንዘጓንፍ ጸቕጥን ሃሰያን ኣብ ምቕላልን ምድባስን እወታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ብኮም ደረጃ ዝግበር ንጥፈታት፡ ናይ ምትሕግጋዝ፡ ወለንታዊ ኣበርክቶን ምኽርን ማዕዳን ብስሩዕ ምውዳብ፡ ዕግርግር ኣብ ዘጓንፈሉ እዋን ቅልጡፍ ፍታሕ ኣብ ምምጻእ ዓቢ ተራ ኣለዎ። ስለዚ፡ ኮም፡ ዕግርግር ቅድሚ ምኽሳቱ፡ ንዕግርግር ዘምርሕ ባህርያትን ንጥፈታትን ኣብ ምውጋድን ክነጥፍ ይግባእ። እቲ ክውገድ ዘይክእል ዕግርግር ምስ ዘጓንፍ ከኣ፡ እዚ ውዳበታትን ንጥፈታትን መፍትሒ ናብ ምንዳይ ክምእዘን ይኽእል።

### ስርዓትን ኣመሓድራን

ዕግርግር፡ ስርዓት እዩ ዝዘርግ። ዕግርግር ንኸየጓንፍ፡ ምስ ኣጓነፈ ብቕልጡፍ ንምፍትሑን ድሕሪ ዕግርግር ናብ ንቡር ስሩዕ ህይወት ንምምላስን ከኣ ስርዓት፡ ሕግን ቅኑዕ ወይ ፍትሓዊ ኣመሓድራን የድሊ። ስለዚ ፍልጠት፡ ክእለትን እወታዊ ናይ ባህሪ ለውጢ ዘዕቢ ድልዱል ስርዓተ ትምህርቲ፡ ንቕሓት ዘዕብዩ ንጥፈታት ኣብ ቈልዑን መንእሰያትን፡ ብምልኣት ዝትግበር ሕግን ስርዓትን፡ ሓቂ፡ ፍትሕን እወታውነትን ዝጕስጕስ መራኸቢ ብዙሓን፡ ወዘተ፡ ዕግርግር ኣብ ምእላይ ሓጋዚ እዩ። ዕግርግር ኣብ ዘጓንፈሉ ከኣ ከይተላብዐ ብቕልጡፍ ክረጋጋእን ከም መምሃሪ ክውሰድን ተራኡ ከዕቢ ይኽእል።

### ባህሊ

ዕግርግር ኣብ ኲሉ ሕብረተሰብን ሃገርን ዘጓንፍ'ኳ እንተኾነ ኣብ ገለ ሕብረተሰብ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ዓቢ ይኸውን። እቲ ምኽያት፡ ነቲ ዕግርግር ተጠቒሞም ክኸስቡን ክምዝምዙን ዝፍትኑ ኣካላት ስለዘለዉ እዩ። ናህሪ ዋጋታት፡ ገበናት፡ ሸለልትነት ወይ እንታይ ገደሰኒ ናይ ምባል ባህሪ፡ ውልቃውነት፡ ምንዛሕ ናይ ሓሶት ወረ፡ ወዘተ ሳዕቤናት ዕግርግር ክካድዱ ካብ ዝኽእሉ ተርእዮታት እዮም። እዚ ተርእዮታት ምናልባት ናይ ውልቀ ሰብ ባህርያት ክመስል ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ሕብረተሰብ ዝርእዮምን "ዓገብ" ብምባል ዝሕልዎምን ባህርያት ስለዝኾኑ ካብ ውልቃዊ ባህርያት ክንብሎም ክብርታትን ባህልን ሕብረተሰብን ክንብሎም ይምረጽ።

## ዕግርግር ጥቕሚ ኣሎዎዶ፧

ዕግርግር ንጽለኣዮ ድኣ እምበር "ጥቕሚ ኣልቦ እዩ፡" ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። "ስነ-ሓሳባዊ ይኹን ስነ-ህይወታዊ ኣምራት፡ ብስለትን ደረጃ ተበላሓትነትን ደቂ-ሰብ፡ ኣብ ውልቃውን ከባብያውን ብድሆታት'ዩ ዝምርኰስ፡" ይብል። ሓደ ካብዚ ብድሆታት ዕግርግር እዩ። ስሩዕነት ምስ ዝበዝሕ ንኣእምሮና ልኡምነትን ትህኪትን እዩ ዘልምዶ። ባዮሎጅያዊ መስርሕ ምስ እንርኢ፡ ትሑት ወይ ማእከላይ (ማዕረ ዓቕምና) ዝኾነ ዓቐን ጸቕጢ ኣብ ሓንጎልና "ኒውሮትሮፊን" ዝበሃል ከሚካል ከመስርሕ ከም ዘነቓቕሖ ተመራመርቲ ይገልጹ። ጥቕሚ "ኒውሮትሮፊን" ኣብ መንጎ ኒውሮናት ወይ ዋሃዮታት ሓንጎልን ዘሎ ርክብ ዘደልድል ከሚካል እዩ። ስለዚ ዝያዳ ዕግርግርን ጸቕጥን ዘጋጠመና ዝያዳ ሓንጎልና ይድልድል ማለት እዩ። ዕግርግር ክነወግዶ እንኽእል ኲነት ካብ ዘይኮነ ነቲ ኣብ ብድሆ ከም መብልሒኡ ተጠቒሙ፡ መፍትሒ ክምህዝ ዝኽእል ሓንጎልና ብተደጋጋሚ ምብርባር ከድልየና እዩ።

ዕግርግር ዘይምቹእ ስምዒታት ዝቕስቅስ ኲነታት እዩ። ብፍላይ ፍርሒ ዝበሃል ስምዒት። ፍርሒ ሓደ ካብቲ ብተደጋጋሚ ነብስና ናብ ጸቕጢ ብምቅላዕ ንስዕሮ ስምዒት እዩ። ካብቲ ዘፍርሓና ተሓቢእና ንግዚኡ ከነወግዶ ንኽእል ንኸውን፣ እንተኾነ ናብ ኣገልግሎት ምኽርን ማዕዳን ወይ ጥዕና ኣእምሮ ምስ እንኸይድ፡ ፍርሕና ከነሕምቖ ፊት ንፊት ክንገጥሞ እዩ ዝንገረና። ኣእምሮና ንዘይተቓልዖ ኲነታ ዝተጋነነ ስእሊ ናይ ምስኣል ተፈጥሮ ኣሎዎ። ንኣብነት፥ ኣብ ጸልማት ብድሕሬና ሰብ ይኽተለና ኣሎ ኢልና ምስ እንሓስብ፡ ኣእምሮና ካብ ፍርሒ ዝተበገሰ ዝተጋነነ ግምታት እዩ ዝቐርበልና። ፍርሕና ከኣ ብኡ መንጽር ይውስኽ። ነቲ ኲነታት ምስ ገጠምናዮ ግን ስምዒትና ይቕየር እዩ። ኣእምሮና ካብቲ ሒዝዎ ዝጸንሐ ዘፍርሕ ስእሊ ናብ ሓቀኛ፡ ክንጸርን ክንርድኦን እንኽእል ስእሊ ናይቲ ጉዳይ ይሰጋገር። እቲ ሕዝዎ ዝጸንሐ ስእልታት ብምግዳፍ ናብቲ ክውንነታዊ ስእሊ ጥራይ ስለዝድህብ ከኣ ፍታሕ ከናዲ ይቕለሉ።

ስለዚ ብዛዕባ ዕግርግር ኣቓዲምና እንሓስቦን ምስ ኣጋጠመ እንሓስቦ ሓሳብን ዝምዓና ስምዒትን በበይኑ እዩ። ዝያዳ ዕግርግር ዘጋጠመና ዝያዳ ብዛዕባ ዕግርግር ዘሎና ሓሳብን ስምዒትን ሚዛናዊ ክኸውን ይሕግዝ። ክንቈጻጸሮም ዘይንኽእል ስምዒታት፡ ብፍላይ ፍርሒን ምጥርጣርን፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ንኸይንውስን ገታእቲ እዮም። ኣብ ዘይርጉእ ኲነታት ዝርከቡ ሰባት ግን እዚ ተመኵሮ ኣብ ጉዕዞኦም ስለዝመሃሩሉ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተላመድዎ ይኸዱ። ከም ውጽኢቱ ሓያላት ወሰንቲ ይኾኑ። ኣብ ጽንኩር ኲነታት ብስምዒታት ከይተዓፈኑ ሚዛናዊ ስጉምቲ ክወስዱ ከኣ ይኽእሉ።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ውሽጣዊ ውድድራት 'እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ' ይቕጽል

ካልኣይ ዙርያ ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብሰኑይ፡ ሰለስተ ረብዒን ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን ኩዕሶ መርበብን ኣብ ሜዳ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል ኣየር በዪዙ ባጽዕ ቀጺሉ።

ብሰኑይ ንመሳረትን ርኤትን ዘራኸበ ጸወታ፡ ብመንገዲ ፈሩዝ ብርሃ ኣብ 13 ደቒቕ ሸቶ ዝረኸበት መሳረት 1-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ደቂ ተባዕትዮ ርኤት ድማ ንመሳረት 3-ብ0 ስዒራታ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ - ፈንቅል ንሓለብት 2-ብ1፡ ደቂ ተባዕትዮ ሓለብት ንፈንቅል፡ ሕድሪ ከኣ ንጽግዓት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ስዒረንኦን።

ሰለስ ግጥማት ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ፈንቅልን ሓለብትን ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ፈንቅል ካብ ሰሊና ካሕሳይ ብዝረኸበታ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ፈንቅልን ጸሓይብርቂን ዘተፈደኦ ጸወታ፡ ኤስሮም መሓሪ ሓንቲ ሸቶ ብምምዝጋቡ ፈንቅል 1-ብ0 ክትዕወት ኣኽኢሉዋ።



ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ሕድሪ ንጽግዓት 2-ብ0፡ ደቂ ተባዕትዮ ጸሓይ በርቂ ንሕድሪ 2-ብ1 ተዓዊተናለን። ረቡዕ ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ሕድሪ ምስ ዊና 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ንጽግዓትን መሳረትን ዘራኸበ ግጥም ድማ፡ መሳረት ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ኣብ መበል 78/80 ደቓይቕ ካብ መሓመድ ያሲንን ኣሕመድ ዛክርን ሓሓንቲ ሸቶታት ብምምዝጋብ፡ ኣብ ልዕሊ ጽግዓት 2-ብ1 ተዓዊታ። ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ርኤት ንሓለብት፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ርኤት ንሓለብት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ስዒረንኦን። ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሎሚ ክቕጽል'ዩ።

## ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ፈደራል ደያኑ ኣመሪቓ

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ከም መቐጸልታ ናይቲ ክኢላዊ ዓቕሚ ዳኘት ሃገርና ክብ ንምባል ዘካይዶ ዘሎ ስርሓት፡ ብ6 ጥቅምቲ 2026 ሰልጢኖም ፈደራል ደያኑ ኩዕሶ እግሪ ኣመሪቑ።



እዞም 10 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ 27 ደያኑ፡ ንሓደስቲ ሕጋጋት ኩዕሶ እግሪ፡ ፈተና ኣካላዊ ብቕዓትን ናይ ጽሑፍ ፈተናን ዘጠቓለለ ስልጠና'የም ቀሲሞም።

እቲ ካብ 30 መስከረም ክሳብ 6 ጥቅምቲ 2026 ከም ኣካል ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውጥን ስራሕ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብኢንስትራክተራት ዳኘት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ እዩ ተዋሂቡ።

ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤል ብርሃ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር ድሕሪ ምዕዳሉ፡ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ ቀጻሊ ዕቤት ኩዕሶ እግሪ ምርግጋጽ ምዃኑ ኣብሪሁ። ወሲኹ ድማ፡ ሰልጠንቲ መተካእታ ናይቶም ስሞም ሃገሮም ኣብ ምጽዋዕ ዝርከቡ ደያኑ ከም ምዃኖም መጠን ንዝቕጽሎ ሞያ ብጽዕሪን ትምህርቲን ክብ ንምባል ጻዕርታቶም ከሐይሉ ኣዘኻኺሩ።

## ሮናልዶ፡ መቕጻዕቲ ከምዝግበኦ ኣፍሊጡ

ክርስትያኖ ሮናልዶ ንፈለማ ግዜ ብዛዕባ'ቲ ምስ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታኡ ዘቀራረቦ ኣርእስቲ ኣልዒሉ ተዛሪቡ። ሮናልዶ ምስ ኣሰልጣኒኡ ጆርጅ ጀሰስ ድሕሪ ምብኣሱን ካብ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ተኣልዩ ድሕሪ ምጽናሕን'ዩ ንፈለማ ግዜ ሸሞንተ ነጥቢታት ዝሓዘ ዝርዝራት ዘሰምዐ ዘሎ።

ግዜኡ ምስ ኣኸለ እቲ ምኽንያት ንህዝቢ ከፍልጥ ምዃኑ ኣቐዲሙ ክገልጽ ዝጸንሐ ሮናልዶ፡ ኣሰልጣኒ ጀሰስ ክልተ ግዜ ንዝኣተወሉ መብጽዓ ከተግብር ዘይምኽኣሉ ብምጥቃስ፡ ንሃገራዊት ጋንታኡ ገዲፉዋ ምኻዱ መቕጻዕቲ ከም ዝግበኦ ገሊጹ።

እዚ ብሉጽ ኣጥቃዓይ ዓለምና ኣስዒቡ፡ ብሃገራዊት ጋንታኡን ኣሰልጣኒኡን ንዘውጽኦ ዝኾነ ዓይነት መቕጻዕቲ ተቐቢሉ ጉዕዞ ኣህጉራዊ ጸወታታቱ ክቕጽል ምዃኑ ኣፍሊጡ'ሎ። "ኣብ 25 ዓመታት ናይ ጸወታ ግዜይ ኣብ ውሳኔታት ኣሰልጠንቲ ጣልቃ ንዘይምእታው ከምኡ'ውን ንውሳኔታቶም ኣብ ምትግባር ተሸጊረ ኣይፈልጥን እየ። ንዝኣተወለይ ቃል ሓላፍነት ወሲደም ከተግብርዎ ምስ ዘይፍትቱ ግና፡ ኣጉዳሲኑተይ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእትዉ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ንደቂ ጋንታይ ይቕረታ እሓትቶም፡ ገዲፈያም ክወጽእ ኣይነበረንን። ኑቲ ዘጋጠመ ኩሉ ሓላፍነት ክወስደሉ ድማ ድሉው ኣለኹ።




ንኹሉ ህዝብን ደገፊ ሃገራዊት ጋንታ ፖርትጋልን'ውን ብተመሳሳሊ ይቕረታ እሓትቶም። ብሓፈሻ እቲ ኣብ መንጎይን እዛ ጋንታን ሓለፍታን ዘጋጠመ ጉዳይ፡ ብሰንኪ ዝኣተወለይ ሓንቲ ቃል ከተግብሩዋ ዘይምኽኣሎም ዝሰዓበ ምዃኑ ኩሉ ክፈልጥ ኣለዎ።

ብመንጽር ኣቃውማይ ኣብ ክለበይ ከምቲ ዝደለ ሸቶታት ከመዝግብ ዝክኣሎ ካብ ኮነ ንዝበየነለይ መቕጻዕቲ ተቐቢለ ንጸወት ሃገራዊት ጋንታይ ክውፈ ድሉው ኣለኹ። ኑቲ ብዘተፈላለዩ መንገዲታት ካብ ሃገራዊት ጋንታይ ንምፍናወይ ኣመልኪቱ ክናፈስ ዝቐየ ዘረባታት ግና፡ ንሰኡ ዝኸውን ግዜ ክመጽእ ምዃኑ ንኹሉ ደገፈየይ ክሕብሮ እፈቱ" ክብል ኣብ ዝርዝራት ናይ'ቲ ዘቕረቦ ጽሑፍ ኣስፊሩ።

## ሓለብትን ሳቡርን ናብ ፍጻመ በጺሐን

ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብረቡዕ ካልኣይ ዙርያ ውድድራት ኩዕሶ መርበብን ኩዕሶ እግርን ደቂ ኣንስትዮን ኣሰላሲሉ። ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣቡሓፊን ሳቡርን ደጊመን ንመጋጥምትን ዒታሮን ዓራግን ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ብምስዓር ናብ መዛዘሚ ሓሊፈን።

ደቂ ተባዕትዮ ሓለብትን ሳቡርን ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ሳልሰይትን ራብዐይትን ኮይነን እየን ዛዚመን። ኣብ ካልኣይ ዙርያ መትሓዚ ዝተሳእነን እዘን ጋንታታት፡ ነተን ናብ መዛዘሚ ክበጽሓ ልዑል ግምት ዝተዋህበን ኣቡሓፊን ሂምቦልን ስዒረን ናብ ፍጻመ በጺሐን።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ፍጻመ ምስ ኣቡሓፊ ዝተራኸበት ሓለብት፡ ነታ ሽዑ ዝሰዓረታ ጸዋኢ በዚ ተርእዮ ዘላ ጸወታ ትውንጨፉ ዋላስ ነታ ብድራማዊ ጉዕዞ ናብ ፍጻመ በጺሓ ዘላ ሳቡር ብክልተኡ ጾታ ታሪኽ ክትሰንድ ክትገድፋ'ያ፡ ዝመጽእ ቀዳም ቅ.ቀ ሜዳ መዓስከር ደንደን በውሊንግ ክሉብ ክምልሶ'ዩ።

ጋንታታት ኣቡሓፊን ሂምቦልን ደቂ ተባዕትዮ፡ ዒታሮን ዓራግን ደቂ ኣንስትዮ ሎሚ ናይ ደረጃ ግጥማተን ክካየዳ እየን።

ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዋልታ ቀዳማይ ንዒታሮ ኣብ ዝገጠመትሉ፡ ብገፊሕ 4-ብ0 ብምዕዋት፡



ናብ ፍጻመ ምሕላፉ ኣረጋጊጹ። ኣብዚ ጸወታ ሓንቲ ሸቶ ዘመዝገበትን ብልጽቲ ዝተባህለትን ዳናይት ፍጹም ድማ ብዝሒ ሸቶታታ ናብ 13 ክብ ኣቢላቶ ኣላ።

ንሳቡርን ሓለብትን ኣብ ዘራኸበ ጸወታ፡ ሓለብት ነታ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዝዐረረታ ሳቡር፡ ደጊማ ቀድሚኒን ድሕሪን ዕረፍቲ ብዘቖጸረተን ሸቶታት፡ ነታ ምስ ብሉጽ ጸወታእ ሸቶ ዝኣብያ ሳቡር 3-ብ0 ተዓዊታትላ።

ሓለብት ታሪኽ 2024 ትደግም'ዶ ዋላስ መቀናቐንታ ጋንታ ዋልታ ናብ ክብሓ ተእትዋ ቀዳም ካብ ሰዓት ሰለስተ ዝፍልም ናይ ደረጃን ናይ ዋንጫን ጸወታ ዝምልሶ ክኸውን እዩ።

ንዒታሮን ዋልታን ዘራኸበ ውድድራት ቀዳማይ ዙርያ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዛሕሊ ዝተሓወሶ'ዩ ነይሩ። ዋልታ ብተደጋጋሚ ሓደገኛ ፈተነታት'ኳ እንተ ገበረት፡ ብሓላዊ ልዕት ዒታሮ ክመኸና ተራእየን። ዕረፍቲ ኣብ ምእካሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቕ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ፡ ንጸወት ዘዕብለሉ ዋልታ ኣብ መወዳእታ ነታ ብተካእቲን ሓደስቲን መንእሰያት ዝቖመት ዒታሮ 5-ብ2 ኣፋንያታ። ወ/ህሉል ነጥባ ድማ ናብ 4 ክብ ኣቢላ፡ ብክልተ ሸቶታትን ቀረብን ድማ መርሃዊ ጻድቕ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

## ይግባይ ሲቲ ፖለቲካዊ ምትእትታው ከይህልዎ ተሰጊኡ




ቀዳማይ ሚኒስተር ዓባይ ብሪጣንያ ኣንዲ በርንሃም፡ ወነንቲ ማንቸስተር ሲቲ ንፋይናንሳዊ ሕግታት ፕሪመር ሊግ ብምጥሓስ ገበኛ ኮይኖም እንተ ተረኺቦም'ሞ፡ ነዛ ጋንታ ምስ ዝሸጥዋ ኣሻቓሊ ከም ዘኸውን ገሊጹ።

እዚ መግለጺ'ዚ ስዒቡ ድማ ዝበዝሓ ክለባት ዓዲ እንግሊዝ፡ ብርእይቶ ናይ'ዚ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣዝየን ተገሪመን ኣብ ርእሲ ምህላወን፡ ማስርሕ ይግባይ ማንቸስተር ሲቲ ፖለቲካዊ ምትእትታው ከየኸትል ስግኣት ከምዘሕደረለን ቢቢሲ ስፖርት ኣብ መርበቡ ኣስፊሩ።

መግለጺ ኣንዲ ዘተሓሳሰቦም ወነንቲን ቦርድን ክለባት እንግሊዝ ድማ፡ ምትእትታው ፖለቲካውያን ሓለፍቲ ኣብ ስፖርት ብሓፈሻ፡ ኣብ ጉዳይ ሲቲ ድማ ብፍላይ ንናጻ ተቐጻጻሪቲ ኣካላት ኩዕሶ እግሪ ኣብ ኣጸጋሚ ኩነት ከእትዎም ከምዝኽእል ኣብሪሆም።

በርንሃም ከንቲባ ከተማ ማንቸስተር ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ምስ ወነንቲ ናይ'ታ ክለብ ኣቡዳቢ ጥቡቕ ርክብ ከምዝነበሮ ዝፍለጥ እዩ። ይኹን እምበር ኣብዚ ግዜ'ዚ ጉዳይ ሲቲ ክንጾ ኣዛረቢ ኣካታዒ ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ እዚ ቀዳማይ ሚኒስተር ወጣሪ ኩነት ፈጢሩሉ ምህላዉ ይሕበር። ምስዚ ብምትእሳር ድማ እቲ ፖለቲካዊ ምትሕሓዝ ከይህልዎ ተሰጊኡ ዘሎ ጉዳይ ሲቲ ምስቲ ኣንዲ ዝሃቦ ርእይቶ ብምትእሳር፡ መራሒት ዓቃቢ ሰልፊ ከሚ ባደኖች ንክሲ ቀጽሪ ዓሰርተ ብፍሉይ ብምጥማት፡ ርክብ ቀዳማይ ሚኒስተርን ማንቸስተር ሲቲን ብዕቱብ ክርአ ጸውዒት ተቐሪቡ ኣሎ።

ሳዕለዎት ምንጮታት ክለባት እንግሊዝ ንርእይቶ ናይዚ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ "ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ገርሂ፡ ኣብ ዝኸፍአ ኩነታት ድማ ምትሳል ዝመልኦ መግለጺ" ክብሉ ደስመዓ ኣለዋ። በዚ መንገዲ ጉዳይ ሲቲ ካብ ኩዕሶ እግሪ ወጻኢ ምስ ፖለቲካ ምትእስሳር እናፈጠረ ክኸይድ ከም ዝኽእል ዝተገንዘቡ ወገናት፡ "ጀኦፖለቲካ ንርደኦ ኢና። ኣብ ሃገርና ዝነበርዎ ወፍሪ'ውን ብሉ መንጽር። እዚ ዝኽሕዶ ሰብ የለን። ይኹን እምበር እዚ ስፖርት እዩ" ብምባል ፖለቲካውያን መራሕቲ ኣብዚ ጉዳይ ኢደም ከየእትዉ ተማሕጺኖም ኣለዉ።

## ሓበሬታ ንምቕያር መወዳደሪ ቦታ

ክልተ መድረኻት ዝሓዘ መዳለዊ ዝዋረት ዋንጫ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ናይ ማውንቴን ባይክ ዝሓለፈ ቀዳም ቀዳማይ መድረኽ ኣብ ከባቢ ጸጸራት ምስልሳሉ ይዝከር።

ካልኣይ መድረኽ'ውን ጽባሕ ቀዳም ኣብቲ ቦታ ተሰሪዑ ነይሩ።

ይኹን እምበር፡ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ እቲ ውድድር ናብ ከባቢ ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ ቀይርዎ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ ሎሚ

**ላሊጋ**

ማላጋ - ስጳኞል 10:00 ድ.ቀ

**ቡንደስ ሊጋ**

ዶርትሞንድ - ወርደር 9:30 ድ.ቀ

**ሊግ ሓደ ፈረንሳ**

ለንስ - ኦሎምፒክ ሊዮን 9:45 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጻጋይ

## ኣመሪካ፡ ዩክሬን ኣባል ኔቶ ከም ዘይትኾነውን ኣፍሊጣ

ዩክሬን ኣባል ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ክትከውን ኣብ ግምት ከም ዘይኣተወት፡ ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርክ ሩብዮ ሓቢሩ።

መግለጺ ማርክ ሩብዮ፡ ኣመሪካ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ዘካየድ ዘሎ ደማዊ ኩናት ደው ንምባል ጻዕርታት ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

ማርክ ሩብዮ ወሲኹ፡ ዩክሬን ኣባል ኔቶ ክትከውን እንተ ደኣ ኮይና፡ ካብ ኩለን ኣባላት ናይቲ ኪዳን ዝኾና ሃገራት ደገፍ ክትረክብ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን ኣባል ክትከውን ኣብ ግምት ከም ዘይኣተወት ኣፍሊጡ።



ዩክሬን ካብ 2014 ኣትሒዛ ኣባል ኔቶ ክትከውን ድሌት ደጋጊማ ድሕሪ ምግላጻ፡ ኣብ 2022 ፕረዚደንት ቮለድሚር ዘለንስኪ ናብቲ ኪዳን ወግዓዊ ናይ ኣባልነት ሕቶ ምቕራቡ ምንጭታት ይሕብሩ።

እንተኾነ፡ ኣባላት ናይቲ ኪዳን ዝኾና ገለ ሃገራት፡ ንሕቶ ኣባልነት ዩክሬን ከም ዝጸገኣ ይዝከር።

ልኡኻት ፕረዚደንት ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍን ጄረድ ኩሽነርን፡ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሞስኮን ኪየቭን ምብጻሕ ከም ዝፈጸሙ ኣይርሳዕን።

ሩሲያ፡ ዩክሬን ኣባል ኔቶ ናይ ምዃን ባህጋ፡ ሓደ ካብ ጠንቅታት ግጭት ናይተን ሃገራት ምዃኑ እያ ብተደጋጋሚ እትሕብር።

## ሑቲ፡ ንመዓርፎ ነፈርቲ ስዑዲ ዓረብ ደብዲቡ

ንሰፊሕ ክፋል የመን ተቖጻጺሩ ዝርከብ ምንቅስቓስ ሑቲ፡ ኣብ ክልተ መዓርፎ ነፈርቲ ስዑዲ ዓረብ ብዘካየዶ መጥቃዕቲ፡ ሰለስተ ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ ካልኦት 36 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰበ ስልጣን ሪያድ ሓቢሮም።

ኣብ ከተማ ሪያድ ዝርከብ ‘ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ካሊድ’ን ‘ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ



ኣብሃ’ን ዒላማ ናይቲ መጥቃዕቲ ምዃኑ ከኣ ተገሊጹ።

ሰበ ስልጣን ኣቪየሽን ስዑዲ ዓረብ፡ ድሕነት ተጉዓዝትን ሰራሕተኛታትን ንምርግጋጽ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ጸጥታ ሓቢሩ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ሰራዊት ስዑዲ ዓረብ ብወገኑ፡ ናብ ከተማ ሪያድ ዘምርሕ ዝነበረ ብሑቲ ዝተወንጨፈ ክልተ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዘበርዓነ፡ ትማሊ ሓሙስ ኣፍሊጡ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ መንግስቲ የመን ኣንጻር ሑቲ ናይ ግብረ መልሲ ወተሃደራዊ ስርሒት ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ዛጊት ልዕሊ 1,860 ኣባላት ናይቲ ዕጡቕ ጉጅለ ከም ዝቖተለ ገሊጹ።

## ፖላንድ - ኣብ ቤት ትምህርቲ መጥቃዕቲ ስሕለት ይፍጸም

ትማሊ ሓሙስ፡ ኣብ ፖላንድ ኣብ ዝርከብ ሓደ መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ሓደ ወዲ 15 ዓመት ተማሃራይ ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ ስሕለት ሓንቲ ጓል 37 ዓመት ኣደ ክትቅተል እንከላ፡ ካልኦት ክልተ ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ፖሊስ ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ርእሰ መምህር ናይቲ ቤት ትምህርቲ፡ ዕላማ ናይቲ መጥቃዕቲ እኳ እንተ ዘየነጸረ፡ እቲ ኑቲ ገበን ዝፈጸመ ኮተቴ ግን ኣቓዲሙ ተማሃራይ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ከም ዝነበረ ገሊጹ።

እቲ መምህር ወሲኹ፡ እቲ ኮተቴ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ከም ዝርከብ ኣነጺሩ።

ዝሓለፈ ረቡዕ’ውን፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ፖላንድ ኣብ ዝርከብ ካልእ ቤት ትምህርቲ፡ ሓደ ወዲ 19 ዓመት ተማሃራይ ብዘካየዶ መጥቃዕቲ ስሕለት፡ 10 ሰባት ከም ዝቖሰሉ ይሕበር ኣሎ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ቀጽሪ ካልእ ቤት ትምህርቲ መጥቃዕቲ ስሕለት ከካይድ ወጢኑ ዝነበረ ወዲ 17 ዓመት ተማሃራይ፡ ብምትሕብባር ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተወ፡ ፖሊስ ፖላንድ ኣፍሊጡ’ሎ።



## ኢራን፡ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንዘይሕጋዊ መስመራት ትዓጹ

ኢራን፡ ኑቲ ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ዝርከብ ዘይሕጋዊ መስመራት መጉዓዝያ ጠቕሊላ ከም እትዓጽዎ፡ ሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

እቲ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ምስ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ‘ኣል-ዓለም’ ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ሰራዊት ሃገሩ ከም ዝርከብ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ኣብቲ መጻብቦ ብገለ ኣፍረስቲ ሕጊ ተፈጢሩ ዘሎ መስመር ከኣ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከም ዝዕጾ ገሊጹ።

ንሱ ወሲኹ፡ ገለ ውልቀ ሰባት፡ ኑቲ ኣብቲ ማያዊ መስመር ዝርከብ መስገደላት ብምእላይ፡ ብንኣሽቱ ጀላቡ ካብን ናብን ዓበይቲ መራኽብ ነዳዲ የሰጋግሩ ምህላዎም ኣረዲኡ።

ኢራን፡ ክሳብ እቲ ንኣመሪካ ኣቕሪባትላ ዘላ ቅድመ ኩነታት ዝትግበር፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ከም ዘይክፈት እያ ብተደጋጋሚ እትሕብር።

ኢራን ድሕሪ እቲ ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈነወላ ልፍንታዊ መጥቃዕቲ ኣመሪካን እስራኤልን፡ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ንዘካየድ ምንቅስቓስ መራኽብ ደው ከም ዘበለቶ ኣይርሳዕን።



## ዩክሬን - ብመጥቃዕቲ ሩስያ ልዕሊ 30 ሰባት ተቐቲሎም

ፌደረሽን ሩስያ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዩክሬን ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ ኣብ ክልተ ኣውቶቡሳት ተሳፊሮም ዝነበሩ 33 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 18 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ጥቓ ግንባር ኩናት ኣብ እትርከብ ከተማ ኣብ ዞባ ዶነትስ እትርከብ ብዩክሬን እትመሓደር ከተማ እያ።

ብተወሳኺ፡ ሩስያ ኣብ ከተማ ፕርይሉክይ ኣብ ዝርከብ ሓደ መንበሪ ህንጻ ብዘካየደቶ ካልእ መጥቃዕቲ፡ 22 ሰባት ከም እተቐትሉ፡ ኣማሓዳሪ ናይታ ከተማ ሓቢሩ።




ክራማቶርስክ ምኽያዱ፡ ሰበ ስልጣን ዩክሬን ገሊጾም።

እቶም ሰበ ስልጣን፡ እቲ መጥቃዕቲ ኮነ ኢልካ ንሰላማውያን ሰባት ዒላማ ዝገበረ ምዃኑ እኳ እንተ ገለጹ፡ ሞስኮ ግን ኑቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪታ ዛጊት ዝኾነ መግለጺ ኣይሃበትን ዘላ።

ክራማቶርስክ፡ ሓንቲ ካብ’ተን ሩስያ ኣካል ግዝኣታ ምዃና እትማጎተለን

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ሓሙስ፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ሩስያ ዝመደበሩ ዝዓበየ ኩባንያ ቴክኖሎጂ ያንዴክስ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ተገሊጹ።

ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ነሓድሕደን ዘካይዳኦ ናይ ነዊሕ ርሕቀት መጥቃዕትታት፡ ካብ ዝሓለፈ ሒደት ኣዋርሕ ኣትሒዙ ብመጠኑ ጻዕጺዑ ከም ዘሎ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰናይ | 9/10/2026 | ኣደና ዓዲ ኣቤቶ ቁ.89፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲ ንሉተር ነበር (ዓዲ ሰሄል) | 08370129 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services